# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.136 | ሓሙስ 6 ለካቲት 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
መግለጺ 6 ለካቲት ኣህጉራዊ መዓልቲ ኣይፋል ንኽሽቦ ግል-ኣንስተይቲ

ገጽ 3
ስርሒት ፈንቅል





ገጽ 4
ኣፍሪቃ፡ ግዳይ መግዛእታውን ድሕረ-መግዛእታውን...



ገጽ 5
ቅነ ውዳበታት ሃግመተኤ፡





ገጽ 7
ብምኽንያት ስርሒት ፈንቅል ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ይካየድ


## ጋሽ-ባርካ - ውዳበ መንእሰያት ንምሕያል ዝሕግዝ መደባት ይትግበር





ሃግመተኤ ጨንፈር ጋሽ-ባርካ፡ መንእሰያት ተመሃሮ በብዘለዎዎ ዓውዲ ተወዲቦም ኑብሮም ንምምዕባል ዝሕግዝ ብቑዕ ሞያዊ፡ ፖለቲካውን ካልእን ፍልጠት ዝሰንቁሉ ባይታ ንምፍጣር ዝሕግዝ መደባት ንምትግባር፡ ኣብርቲዑ ይሰርሕ ከምዘሎ ገለጸ።

እቲ ጨንፈር ዝ. ዝገለጾ፡ ብ3 ለካቲት ኣብ ባረንቱ ኣብ ዝተኻየደ መመረቕታ ብማሕበራዊ ስነፍልጠት ዝሰልጠኑ፡ ካብ 15 ንኡሳን ዞባታት ዝተዋጽኡ ተመሃሮ እዮም።

እቲ ካብ 27 ጥሪ ክሳብ 3 ለካቲት ዝተዋህበ ስልጠና፡ ድሕረ-ባይታ ማሕበርን ተርኡ ኣብ ሃገራዊ ቃልሰን፡ ሃገርን ሃገራውነትን፡ ትርጉም ስነ-ሓሳብ፡ ኣምራት ፖለቲካን ስነ-ልቦና ዓወትን፡ መንእሰያትን ዕቃበ ኣከባብን፡ ስነ-ቁጠባን መንእሰያትን፡ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን፡ ከምኡ'ውን መጽናዕታዊ ፍልስፍናን ሃይማኖትን ዝጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ኣቦ'ቲ ጨንፈር ሓላፊ ፖለቲካን ውደባን መንእሰይ ተኽለ ዘርኣ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ስልጠና ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ዘለዎ ተራ፡ ንሰልጠንቲ ናይ ሌላን ምልውዋጥ ተመኩሮን ባይታ ከምዝፈጠረ ብምሕባር፡ ኣጉዳስኡ፡ ሰዘዝ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ግዝያዊ ሓላፊ ሃግመተኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ማሪቆስ ግርማጽዮን ብወገኑ፡ ሃግመተኤ ከም ኣካል ናይ'ቲ "መንእሰይ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይተዓጠቕ" ዝብል መሪሕ መትከሉ፡ ኣተኩሮ ገይሩ ካብ ዘተግበሮም ዘሎ መደባት ሓደ ምምልማል ብቑዓት ካድራት ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ናብ መንእሰያት ዝቐንዐ ስልጠናታትን መደባትን ብዘይ ንቑሕ ተሳትፎ ኣካላት መንግስቲን ግንባርን ሕብረተሰብን ብሓፈሻ፡ ብዘይ ሱታፌን ኣበርክቶን መንእሰያትን ተመሃሮን ድማ ብፍላይ ክዕወት ስለዘይክእል፡ ዝተወሃሃደን ዝተወደበን ጻዕርን ቀጻልነትን ክረጋገጽ ኣዘኻኺሩ።

## ገልዓሎ - ጉስጓስ ምርጫ ኣመሓደርቲ ይካየድ ኣሎ

ኣብ 12 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ገልዓሎ፡ ካብ 13 ጥሪ ጀሚሩ ጉስጓሳት ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣዋህሎቲ ዓድን ይካየድ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ማሕሙድ ኢብራሂም ምስ ህዝቢ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣድመጽቲ መምርሒታትን ቅጥዕታትን ናይ'ቲ ምርጫ ብንጹእ ፈለጦምን ተረዲኦምን ኣመሓደርቶም ክመርጹ ጸዊዑ።

ብወገን ምምሕዳር ንኡስ ዞባ፡ ነቲ ምርጫ ንምክያድ ኣድላዪ ምድላዋት ተጻፊፉ ምህላዉ ዝሓበረ ኣቶ ማሕሙድ፡ ጉዲ-ጉዲ'ቲ ዝካየድ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ምርጫ ኣከባቢ ግብሪ መሬትን ጥሪትን ክካየድ ምኳኑ ኣሕቢሩ።

ምስዚ ኣብ ዝተኣሳሰር ዜና፡ ኣብ 16 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ኣካየድቲ ስራሕን ኣዋህሎቲ ዓድን ይካየድ ኣሎ።

እቲ ካብ 15 ጥሪ ዝጀመረ ጉስጓሳት፡ ኣድመጽትን ተመረጽትን ብዝዕባ ዕላማ፡ መምርሒታትን ቅጥዕታትን ናይ'ቲ ምርጫ እኹል ኣፍልጦ ንኽህልዎም ከምዝዀኑ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣቶ ዑመር ያሕያ ኣብሪሁ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ተመሳሳሊ ጉስጓስ ኣብ 8 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ሸዕብ ከምዝተኻየደ፡ ወኪል ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ካብቲ ቦታ ሓቢሩ።


ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሸዕብ ኣቶ ኣቡበከር ኢብራሂም ምስ ህዝቢ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ነቲ ብብቕዓትን ተወፋይነትን ክመርሕዎም ዝኽእሉ ኣብ ምልላይ ንቑሓት ክኾኑ ብምዝኽኻር፡ ህዝቢ መምርሒታትን ቅጥዕታትን ምርጫ ብንጹእ ፈሊጡ ክሳተፍ ተላብዩ።

ኣድላዪ ምድላዋት ተጻፊፉ ምህላዉ ዝሓበረ ኣቶ ኣቡበከር፡ ጉዲ-ጉዲ'ቲ ዝካየድ ምርጫ ኣመሓደርቲ ከባብን ኣካየድቲ ስራሕን፡ ኣከባቢ ግብሪ መሬትን ጥሪትን'ውን ከምዝምረጹ ኣሕቢሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሸዕብ፡ ሸሞንተ ምምሕዳራት ከባብን 14 ዓድታትን ኣለዋ።



## ተጋዳላይ ክፍለ ብርሃነ ተሰዊኡ



ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን - ተኣላዪ ስንኩል ዝነበረ ጉዳም ተጋዳላይ ክፍለ ብርሃነ ወልደሃዋርያት፡ ብ4 ለካቲት ኣብ መበል 67 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ክፍለ፡ ኣብ ሓለዋ ሰውራን ተዋጋኢ ሰራዊትን ተመዲቡ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ስውእ ክፍለ ብርሃነ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ኣርባዕተ ደቅን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 5 ለካቲት ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ብመስዋእቲ ኣቦ - ጉዳም ተጋዳላይ ክፍለ ብርሃነ ወልደሃዋርያት ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን መቓልስቱን ጽንዓት ይምነ።

# መግለጺ 6 ለካቲት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ኣይፋል ንኽሸቦ ጓል-ኣንስተይቲ

ሎሚ 6 ለካቲት ኣህጉራዊ መዓልቲ ኣይፋል ንኽሸቦ ጓል-ኣንስተይቲ፡ "ክሸቦ ጓል-ኣንስተይቲ ብስሙር ጻዕርና ነወግድ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ተዘኪሩ ይውዕል ኣሎ። እዚ ክቡር መዓልቲ፡ ኑተን ንዊሕ ዘመናት በዚ ድሑር ልምዲ ህይወተን ዝሰኣና፡ ናብ ሕማማት ፊስቱላን ካልኦት መልክዖት ስንክልናን ተቓሊዐን ዘለዋን ኣደታት፡ ካብ ዝደለ ዕድላት ምዕባለ ክድረታ ተሓሪመን ዘለዋን ኣሓትን ደቅናን እናዘከርና ክሸቦ ጓል-ኣንስተይቲ ብስሙር ጻዕርና ንምውጋድ መብጽዓና ኣሐድስሉ ረዚን ዕለት እዩ።

ክሸቦን ሳዕቤናቱን ብደረጃ ዓለም ቅድሚ ነዊሕ ዘመናት ዝተረኽየን መጠንቐቕታ ካብ ድሑር ልምዲ ዝቖጸለን ኮይኑ፡ ንዓለምና ናብ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ሕሰም ዝመርሐ ኣህጉራዊ ስግኣት እዩ። ከለን ሃገራት ድማ ኑቲ ብሽቶታት ዘሎ ምዕባለ ዝቕለስ "ኣብ 2030 ዓም ካብ ክሸቦ ናጻ ዝኾነት ዓለም ክትህሉ" ዝብል ሸቶ ንምውቃዕ ኣብ ንጡፍ ጎስጓስን ጻዕርን ተጸሚደን ደርከቡ። ሃገርና ኤርትራ'ውን እዚ ሸቶ'ዚ ንኽዕወት ካብ ዝጸዓራ ዘለዋ ሃገራት ሓንቲ እያ። ሎሚ ኣስታት 90% ካብ ህዝብና ብዛዕባ ክሸቦ ጓል-ኣንስተይትን ሳዕቤናቱን መሰረታዊ ኣፍልጦ ኣለዎ። ናብዚ ደረጃ'ዚ ንምብጻሕ ዝተሓለፈ ጻዕሪ ቀሊል ከም ዘይነበረ ተመክሮ ዝመሃረና ሓቂ እዩ። ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ሓራን ሓውሲ ሓራን ቦታታት ብህዝባዊ ግንባር ንኽሸቦን ጐድኣቲ ልምድታትን ንምውጋድ ከም ኣካል ሃገራዊ ቃልሲ ሓያል ጎስጓስ ተኻዪዱ እዩ። ከም ወጽኢቱ ድማ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት "ወገድ ንኽሸቦ" ዝብሉ ህዝባዊ ውሳኔታት ክውሰዱ ክኢሎም እዮም።

ድሕሪ ናጽነት'ውን መንግስቲ ኤርትራ ክሸቦ ደቂ-ኣንስትዮ ንምውጋድ ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስትን ሃገራውያን ማሕበራትን፡ ሃይማኖታውያን ትካላትን ኣህጉራውያን መሻርኽትን ከም ዘማእከለ ጎስጓሳት ስሙር ጻዕርታትን ኣብ ምክያድ ጸኒሑን ኣሎ። ዝዓበየ ጠንቂ ክሸቦን ኩሉም ጐድኣቲ ልምድታትን ትሑት ንቕሓት ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ኩለን ኣካላት መንግስትን ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን መላእ ሕብረተሰብን ብሸርክነት ይሰርሓሉ ኣለዉ። ከም መርኣያ ናይ'ዚ ስሙርን ናይ ሓባር ጻዕርን ድማ ኣብ 2024 ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ ኣብ 20 ንኡሳን ዞባታት ዝርከባ 1086 ዓዲታት 44.3 ካብ ሚእቲ ኣይፋል ንኽሸቦ ክእውጃ እቲ ዝሕተት ረቛሒ ከማሟልኣ፡ 16 % ክእውጃ ተቓሪበን ከምዘለዋ ይሕብር። እቲ ዝተረኽየ ናይ ባህሪ ለውጢ ዘተባብዕ ምኻኑ ብቑጽሪ ዝእውጃ ንኡሳን ዞባታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ይመጽእ ኣሎ።

ተርእዮታት ክሸቦ ዘስዕቦ ነባሪ ስንክልና ዓዲ ወዓል ኮይኑ ተጸብዩቲ ዝኾና፡ ከም ኣደ ካብ ዘለወን ጸጋ ወሊደን ፍርያምነትን ዝኾኑ፡ ፊስቱላ ዘስዕቦ ኣካላዊ ስቓያትን ከይኣኽለን ካብ ሓዳረን ተፋቲሐን ኣብ ስድራቤታዊ ቀጣብ ይኹን ሃገራዊ እቶት ክበርክታኦ ዝነበረን እጃም ዝተደረታ ደቂ-ኣንስትዮ ውሑዳት ኣይኮናን። ብሰንኪ ክሸቦ ዘኸተሎ ሞት ኣደታቶም፡ ፍቕሪ ወላዲቶም ዝተፈትኑ፡ ጉዳይ ዘኽታምናን ናፍቖትን ኮይኖም ዝተረፉ ህጻናት ክትዝክር ከለኻ፡ ዋላ'ታ ብቑጽሪ ሓንቲ ኢልና ንሓሰብ ጓል-ኣንስተይቲ'ውን እንተተኸሰረት ከቢድ ማሕበራውን ሃገራውን ክሳራ ምኻኑ ኩሉ እቲ ሰሪ ንቕሓትን ሽለልትነትን ብሕቡእ ክሸቦ ዝቕጽል ዘሎ ውሑድ ኣካል ሕብረተሰብ ክስወጦ ኣለዎ።

ሎሚ ኣብ መላእ ኤርትራ ብሃገራዊ ኣወሃሃዲ ኮሚቴ ዝቕለስን ዝወሃሃድን ዝምራሕን ስሩዕ ዝኾነ መደባት ጎስጓሳት ንምጋምን እናተዝበረሉ ብኮሚቴ መሳላት ደቂ-ኣንስትዮን ቁልዑን ምውጋድ ክሸቦን መርዓ ትሕቲ-ዕድመን ካልኦት ጎድኣቲ ልምድታትን ካብ ዞባ ጀሚሩ ንኡስ ዞባ ምምሕዳር ከባቢታትን ዓድታትን ዝተወደበ ስራሓት ኣብ ቦታኡ እናሃለወ፡ ብዝተፈለየ መልክዑ ቀጺሉ ከም ዝስራሕ ዓወታት ንኽመዝገብ ናይ ኩሉ ሕብረተ-ሰብ ጻዕሪ ምሕያል የድሊ። ስምረት ኣካላት መንግስትን ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን፡ ስምረት ዓበይቲ ዓድን ሃይማኖታውያን ትካላትን ብሓፈሻ ድማ ምዕሩይ ተሳትፎ ክልቲኡ ጾታ'ን ሃገራውን ኣህጉራውን ምትሕብባር ኣብ ምክልኻልን ምጉዳልን ክሸቦ ዓበይቲ ዓወታት ከማዝመዝገበ ብዮዝበሪ ካብ ረኣና፡ ስሙር ጻዕርና "ካብ ምጉዳል ክሸቦ ናብ ጠቕላልካ ምውጋድ" ዝብል ዝዓበየ ስልቲ ማሕበራዊ ለውጢ ክወፍር ሓይራ ንብል። ናይ ሓባር ጻዕርና ናጽነት ሃገር ኣምጺኡ፡ ኣብ ምምኻት ዝተፈላለዩ ተጻብኦታት ብዓወት ኣሰጊሩና እዩ። ሕጂ'ውን ከም ኣካል ናይ ኩሉ ቃልሲታትና፡ ሓይሊ ስሙር ጻዕርና እንተደንፊዑ ኣብ ምውጋድ ክሸቦ ዓቢ ዓወት ኣመዝጊብና፡ ኣብፅታውያን ክዝከውን ከም ንኽእል ብርእሰ-ተኣማንነት እናዘኻኸርና "ክሸቦ ጓል-ኣንስተይቲ ብስሙር ጻዕርና ነወግዶ" ንብል።

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና**
**ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን 2025**

# ዜና

## ዓንሰባ - 'መውል' ምእካብ ዝተዘርግሐ ልቓሕ ብ8 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ ገሊጹ

ጨንፈር መደብ ወቅሕላን ንኡስ ልቓሕን - 'መውል' ዞባ ዓንሰባ፡ ናብ ዓማዊል ዝተዘርግሐ ልቓሕ ንምእካብ ብዝተገብረ ጻዕሪ፡ እቲ መጠን ብኣስታት 8.3 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ፡ ንጥፈታት 2024 ብምግምጋም ኣብ መደባት ስራሕ 2025 ኣብ ዝዘተየሉ ርክብ ገሊጹ።

ብ3 ለካቲት ኣብ ከረን ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ጎይትኦም ሃብተጼን፡ እቲ ዕላማ - መጠነ ንኡስ ትካላት ብምስፋሕ ናይ ብሕቲ ጽላት ምምዕባልን ዜጋታት ኣታዊታቶም ዘኻዕብዩሉ ኩነታት ምፍጣርን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ንምዕዋት ኣተባብዒ ንጥፈታት ይሰላሰል ከምዘሎ ገሊጹ።

ንንኡሳን ዞባታት መንሱራን ሰልዓን ወሲኽካ ኣብ ትሸዓተ ንኡሳን ዞባታት ን2,878 ዓማዊል ልዕሊ 32 ሚልዮን ናቕፋ ከምእተዓደለ፡ እዚ ድማ ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ብኣስታት 11 ሚእታዊት ከምዝዓቢ ዝሓበረ ኣቶ





ጎይትኦም፡ 51 ሚእታዊት ካብ ተጠቀምቲ ደቂኣንስትዮ ምዃነን ኣፊሩ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ኣገባብ ምእካብን ምዝርጋሕን ልቓሕ ክፍተሸ፣ ሕጽረት ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብን መሳለጢን ክማላእ፣ ኣፍሲ-ወከፍ ንኡስ ዞባ ናታ ጨንፈር ክኽፈተላ፣ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ 'መውል'ን ንጥፈታቱን ንምብራኽ ክስራሕ፣ ከምኡ'ውን ተጠቀምቲ ብመንገዲ ኣመሓደርቲ ከባቢ ክጸንዑ ዝብልን ካልእን ሓሳባት ኣቕሪቦም።

ግዝያዊ ሓላፊ መደብ ወቅሕላን ንኡስ ልቓሕን ኣቶ ታፍላ ኣስመሮም ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ መኣብሮ ዜጋታት ንምምሕያሽ ዝሰላሰል ዘሎ ንጥፈታት ኣቃሊልካ ዝርአ ከምዘይኮነ ብምሕባር፡ ዝርግሐን ተጠቃምነትን 'መውል' ንምዕባይ ሓያል ስራሕ ከምዝካየድ ኣስሚሩሉ።

መዓልቲ ዝሓለፈ ይኹን ዘይተመልሰ ልቓሕ ንዕበየት ስራሕ ዓንቃፊ ስለዝኾኑ፡ ህዝቢ ካብ ተደሪቢ ዕዳ ንኽድሕን ንዝወሰዶ ልቓሕ ኣብ እዋኑ ክመልስ ብምዝኽኻር፡ ንኣብርክቶ ኩሎም ኣብ ምዝርጋሕን ምእካብን ልቓሕ ዝጻጥፉ ዘለዉ ሞጒሱ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ ብወገኑ፡ ዜጋታት ብቑጠባ ንኽየዕብዩ 'መውል' ንዝካየዶ ዘሎ ንጥፈታት ብምምጓስ፡ ተጠቀምቲ ንዝተኸፍተሎም ዕድላት ብዝግባእ ተጠቒሞም መኣብሮኦም ከመሓይሹን ልቓሖም ኣብ እዋኑ ክመልሱን ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ምዝርጋሕን ምእካብን ልቓሕ ብዝሓየለ ክቕጽል፣ ክሱብ ምምሕዳራት ከባቢ ብምውራድ ቀጻሊ ኣስተምህሮታት ክወሃብ፣ ዝተዘርግሐ ልቓሕ ኣብ ግዚኡ ዝምለሰሉ ናይ ግዜ ሰሌዳ ብምውጻእ ብሓባር ክሰየ፣ ከምኡ'ውን ዝርግሐ ልቓሕ ምዕባይ፡ ካብ ቀንዲ መደባት ስራሕ 2025 ምዃኖም ተገሊጹ።

ጨንፈር 'መውል' ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ 133 ዓዳዊ ባንክታትን ኣርባዕተ ጨናፍርን ዝጥርነፉ ልዕሊ 11 ሽሕ ዓማዊል ኣለውዎ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ
**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.163471-07588045
**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


## ኣቑርደት - ሃማመተኤ ሞያዊ ዓቕሚ መንእሰያት ንምዕባይ ይሰርሕ

ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድን ጸፍሕን ዝርከቡ መንእሰያት፡ ተወሳኺ ሞያን ፍልጠትን ሰኒቖም ኑብሮም ዘማዕብሉሉን ኣብ ከባቢኦም እወታዊ ኣበርክቶ ዝገብሩሉን ባይታ ንምፍጣር ኣብ ዝሕግዙ መደባት ጸቒጡ ይሰርሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መንእሰይ ያሲን መሓመድኑር፡ ንተመሃሮን መንእሰያትን በበውዳቤታቶም ስልጠናታትን ኣስተምህሮታትን



ከምዝውሃብ፣ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝወሃብ ዘሎ ስልጠና ቴክኖሎጂ ኮምፒዩተር፡ ምትካል ዲሽ፡ ኤሌክትሪክን ኤሌክትሮኒክስን፡ ከምኡ'ውን ስነጻባቕ ጸጉርን ቀዳማይ ረዲኤትን ናቱ መቐጸልታ ከምዘለዎ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ዝወሃብ ዘሎ ስልጠናታት 112 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 227 መንእሰያትን ተመሃሮን ይሳተፉ ከምዘለዉ ጠቒሱ ድማ፡ መንእሰያት እዚ ብስእማዊ ክፍሊትን ብናጻን ዝወሃብ ዘሎ ሞያዊ ስልጠናታት ብዝግቡእ ክጥቀሙሉን ኣብ ከባቢኦም እወታዊ ጽልዋ ክፈጥሩን ኣተሓሳሰበ።

ስልጠናቲ ብወገኖም፡ ተኸፊቱሎም ዘሎ ዕድል ኑብሮም ንምምዕባል ባይታ ፈጢሩሎም ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ቲ መስልጠኒ ማእከል ዘሎ ሕጽረታት ክማላእ ኣዘኻኺሮም።

# ስርሒት ፈንቅል

"ስርሒት ፈንቅል፡ በሪ ምሉእ ሓርነት ዘርሓወ፡ መግዛእቲ ፍርቂ ዘመን ዝፈንቀለ፡ መስተንክር ጅግንነታዊ ፍጻመ እዩ።"

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ከም ድሕረ ባይታ ስርሒት ፈንቅል ሰውራ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብ መድረኽ ስትራተጂያዊ ምክልኻል 1978-1983 ማለቱ ዘሕለፎ 7 ማዕከ ሰፊሕ ወራራት ስርዓት ደርግ ኣዝቢዱ። መቐጸልታኡ ይስዕብ።*

## መድረኽ ጃላነት

ካብ ምጅማር ቀዳማይ ወራር መፋርቕ ሓምለ 1978 ጀሚሩ፡ ክሳብ ፍሽለት ሻብዓይ ወራር ኑሓሰ 1983 ኣብ ዝነበረ ሓሙሽተ ዓመታት፡ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ መጥቃዕቲ፡ ሰውራ ኤርትራ ድማ ኣብ ምክልኻል እዮም ነይሮም። ድሕሪ ፍሽለት ሻብዓይ ወራር ግን፡ ሓይሊ ጸላኢ ስለ ዝተዳኸመ፡ ጸብለልትነት ጸላኢ ዘበቅዓሉ ኩነት ተፈጥረ። ሰውራ ኤርትራ እውን ንኸሉ ወራራት ብዘጥቅዓት መኪቱ'ኳ እንተ ኣፍሸለ፡ ጸብለልትነት ጨቢጡ ናብ መጥቃዕቲ ክሰጋገር ገና ሓይሊ ክድልብ ነይሩዎ። ስለዚ ድማ፡ ካብ ፈለማ 1984 ክሳብ 1988 ዝነበረ ኣርባዕተ ዓመታት፡ ሰውራ ኤርትራ ናብ መጥቃዕቲ ክሰጋገር ዝኽእል ሓይሊ ንምድላብ ንዓቕሚ ጸላኢ ናብ መድረኽ ምክልኻል ንምእታው ብዙሕ ተበግሶታት ዝወሰደሉ ናይ ጃላነት መድረኽ እዩ ዝነበረ።

ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ድሕሪ ፍሽለት ሻብዓይ ወራር ዝወሰዶ ቀዳማይ ተበግሶ፡ እቲ ኣብ ጥሪ 1984 ኣብ ተሰነይን ዓሊግድርን ዘካየዶ ዕወት መጥቃዕቲ እዩ። ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ግዜ ድማ፡ እንደገና ነቲ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዓራዱ ዝነበረ "ውቃው-እዝ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንምድምሳስ ብ22 ለካቲት 1984 ሰፊሕ መጥቃዕቲ ፈነወ። ኣብቲ ቀዳማይ መጥቃዕቲ ግን ኣብ ትግበራ ወጥን መጥቃዕቲ ጸገማት ኣጋጢሙ ኣይተዓወተን። ይኹን'ምበር እንደገና ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ግዜ፡ ዳግም ተወዳዲቡ ካብ 19 ክሳብ 21 መጋቢት 1984 ብዝፈነዎ ሓያል መጥቃዕቲ፡ ነቲ ልዕሊ 6,000 ሰራዊት ዝነበሮ ውቃው-እዝ ኣኸበቡ ብምጭፍላቕ ዓጢቑዎ ዝነበረ ኣጽዋርን ተተኮስን ካልእ ብዙሕ ንብረትን ብምሉኡ ክበሃል ብዘኽእል ሰለቡ፡ ናይ ተኸሲ ዓቕሙ ክብ ከብል ክኣለ።

ድሕሪ ምድምሳስ ውቃው-እዙ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ዘካይዶ ዝነበረ ደባይን ተንቀሳቓስን መጥቃዕትታትን ተሮግኣትን ብስፍሓት ቀጸሉ። ካብዚ ስርሒታት'ዚ ንሊሑ ዝጥቀስ እቲ ኣብ ግንቦት 1984 ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ዝፈጸሞ 33 ነፈርቲ ውግእ ጸላኢ ዘደምሰሰ ስርሒት ኮማንዶ እዩ።

ህዝባዊ ሰራዊት ብዘይካ'ዚ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኤርትራ ኣውራ ኣብ ደቡብ፡ ሰሜንን ምዕራብን ኤርትራ፡ ብዙሕ ማዕከ ንኣሽቱ መጥቃዕትታትን ተሮግኣትን ብምክያድ፡ ንዓቕሚ ሰራዊት ጸላኢ ኣጸቢቑ ኣዳኸሞ። ዚ መጥቃዕትታት'ዚ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ብምዕባል ድማ፡ ኣብ ሓምለ 1985 ኣብ ባረንቱ መጥቃዕቲ ፈነወ። ባረንቱ ኣብቲ ብዙሓት ከተማታት ብሰውራ ኤርትራ ሓራ ዝኾናሉ መድረኽ 1977-1978 ጸላኢ ተሪሩ ዝመከተሉ ኣብ ኢድ ተጋደልቲ ዘይኣተወት ከተማ ስለ ዘበረት፡ ደርግ ከም ሕላገት ጽንዓቱ እዩ ዝወስዳ ነይሩ። በዚ ድማ ምትሓዝ ባረንቱ ንስርዓት ደርግ ኣብ ፍጹም ነውጺ ኣእተዎ። ክንዲ ዝኾነ ንሰራዊት ህ.ግ. ካብ ባረንቱ ንምልቃቕ ካብ ዝተፈላለየ ከበባታት ኢትዮጵያ ሓይሊ ኣኻኺቡ ብምምጻእ፡ ሓያል ጸረ-መጥቃዕቲ ፈነወ።

ጸረ መጥቃዕቲ ጸላኢ ነቲ ካብ ደጀኑ ሳሕል ኣርሒቑ ዝዋጋእ ዝነበረ ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ስለዝነበረ ድማ ከዝልቕ ወሰነ። በዚ ድማ ስርዓት ደርግ ንባረንቱ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ተሰነይን ዓሊግደርን ደጊሙ ተቖጻጸረን። ኣብኡ ከይተሓጽረ እውን "ሻዕቢያ ኣብ ውግእ ባረንቱ ተዳኺሙ ኣሎ" ብዝብል ግምት፡ ናብቲ ቅድሚ ምድምሳስ ውቃው-እዝ ዝነበሮ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዳግም ተመለሰ፡ ብዮፕሬራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ሓድሽ ወራር ኣበገሰ። እዚ "ወፍሪ ባሕረ-ነጋሽ" ዝሰመዮ ሻሙናይ ወራር፡ ብ10 ጥቅምቲ 1985 እዩ ጀሚሩ። ድሕሪ ናይ ክልተ ወርሒ ሓያል ምርብራብ ድማ ሰራዊት ደርግ ኣስታት 13,000 ሰብኣዊ ክሳራ ተሰኪሙ ክወቕዮ ዝሓለነ ሸቶ ከይጨበጠ ዘፍ በለ።

ድሕሪ'ዚ መጥቃዕቲ'ዚ ሰራዊት ህ.ግ ንሰራዊት ጸላኢ ኣብ ዝደኸመ ባይታ ንምውራድ፡ ናይ ደባይን ተንቀሳቓስን ወተሃደራዊ ስርሒታቱ ዚያዳ ኣሃጢፎን ኣስፋሖን። በዚ ዝተሰናበደ ሰራዊት ጸላኢ፡ ካብ ግንባራት ከይተረፈ ሰራዊት ንድሕሪ መስመር ብምስሓብ ነዚ መጥቃዕትታት'ዚ ኣብ ምክልኻል ስለ ዝኣተወ፡ ዓበይቲ ወተሃደራዊ ወፍራታት ክካይድን ተበግሶ ክጭብጥን ኣይከኣለን። ኣብ 1987 ጥራይ፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣስታት 170 ዝተፈላለዩ ንኣሽቱን ማእከሎትን መጥቃዕትታት (ዝበዝሕ ካብኡ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ) ፈጺሙ። እዚም ካብ መጥቃዕቲ ተሰነይ ጥሪ 1984 ጀሚርካ ክሳብ'ቲ ኣብ ታሕሳስ 1987 ኣብ ግንባር ናቕፋ ዝተኻየደ ስሒታዊ መጥቃዕቲ ዘጠቓልሉ ግጥማት፡ ሰራዊት ጸላኢ ዚያዳ ከም ዝዳኸም ብምግባር፡ ህዝባዊ ሰራዊት ናብ መድረኽ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ክሰጋገር ዘኽኣሉ ነበሩ።



ግጥማት ስትራተጂያዊ ምዝላቕ - ህዝባዊ ሰራዊት ጉልበት ተኹሱ ዘበርኽ ብዙሕ ኣጽዋር ሰሊቡ ዝዓጠቐሉ እዋን

## መድረኽ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ

ንሰውራ ኤርትራ ናብ መድረኽ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ዘሰጋገረ ዓቢይ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ እቲ ኣብ መጋቢት 1988 ዝተፈጸመ፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ ንኣስታት 10 ዓመታት ዝተረባረበ ደርግ ዝምክሓሉ ዝነበረ ሰራዊት ናደው-እዝ ዝደምሰሰን ኣፍዓበት ሓራ ዝገበረን ታሪኻዊ ስርሒት እዩ። ኣብዚ ስርሒት'ዚ ስርዓት ደርግ ኣስታት 22,000 ዝኾኑ ምኩራት ወተሃደራት ከሲሩ። ንመጀመርታ ግዜ ድማ ኣብ ጉድኒ ሰራዊት ደርግ ተሰሊፎም ካብ ዝነበሩ ሶቭየታውያን ወተሃደራዊ ኣማኸርቲ ክልተ ኮሎኔላትን ሓደ ሓለቓ ሚእቲን ተማረኹ። በቲ ስርሒት፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ንዓቕሚ ጉልበት ተኹሱ ዚያዳ ዘበርኹ፡ ቅድመኡ ማረኹዎም ዘይፈልጥ ናይ 130 ሚ.ሚ. መዳፍዕን ቢ-ኤም 21 ወንጭፊ ሮኬት ሚሳይላትን ልዕሊ 50 ታንክታትን ዝርከቦ ብዙሕ ኣጽዋርን ተተኮስቲን ማረኸ።

ስርሒት ምድምሳስ 'ናደው-እዝ' ኣብ ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዓይነቱን ወጽኢቱን ፍሉይ እዩ። ፍሉይ ዝገብሮ ዝዓበየ ረቛሒ፡ ንሓደ ግዙፍ ክፋል ሰራዊት መግዛእቲ ኣብ ምሉእ ከቢብ ኣእቲኻ ናይ ምድምሳስ መጥቃዕቲ ብምንባሩ እዩ። ኣብ ስርዓት ደርግ ከቢድ ራዕዲን ተስፋ ምቝራጽን ዝፈጠረ ስርሒት ድማ እዩ። በዚ ከኣ፡ ደድሕሪ'ቲ ስርሒት ብ31 መጋቢት 1988 ስርዓት ደርግ ህጹጽ ኣኼባ ብምጽዋዕ፡ ናይ እዋን ሓደጋ ድንጋገን ኣዋጅ ክተትን ኣውጽአ።

በቲ ሽዑ ዝወጸ ኣዋጅ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ሰራዊት ተፋንዮም ዝነበሩ ኣባላት ምዱብ ሰራዊት ይኹኑ "ብሄራዊ ኣገልግሎት" ናብ ሰራዊት ክምለሱ እንከለው፡ ኣብ ታዕሊም ዝነበሩ ሓደስቲ ወተሃደራት እውን ኣብ ሓጺር ግዜ ታዕሊሞም ወዲኦም ኣብ ቅድመ-ግንባር ከም ዝስለፉ ተገብረ። ብዘይካ'ዚ ደርጊ ሽዑ ንሽዑ ምስ መንግስቲ ሶማል ስምምዕ ሰላም ብምፍራም፡ ዓቢይ ክፋል ናይቲ ኣብ ምብራቕ ኢትዮጵያ ዝነበረ ሰራዊቱ ናብ ኤርትራ ኣግዓዘ። ካብ ትግራይን ምዕራብ ኢትዮጵያን እውን ሰለስተ ክፍላተ-ሰራዊት ብህጹጽ ናብ ኤርትራ ኣእተዎም። ኣብ ትግራይ ንሓለዋ ዝገደፎ ዓቕሚ ኣብ ውሱን ቦታታት ስለ ዝተሓጽረ ድማ፡ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ዕድል ረኺቡ፡ ንብዙሕ ከበባታት ትግራይ ካብ ቁጽጽር ሰራዊት ደርግ ሓራ ኣውጽአ። ድሕሪ ምድምሳስ ናደው-እዙ ስርዓት ደርግ ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ካብ ዝተፈላለየ ከበባታት ኢትዮጵያ ልዕሊ 90,000 ወተሃደራት ናብ ኤርትራ ኣእተወ።

ብዘይካ'ዚ ስርዓት ደርጊ፡ ኣብ ምዕራብ ኤርትራ፡ ካብ ከረን ክሳብ ተሰነይ ኣሰሊፉዎ ዝነበረ ሰራዊቱ ብህጹጽ ስሒቡ፡ ግስጋስ ህዝባዊ ሰራዊት ንምዕጋት፡ ኣብ ግንባር ከረን ኣሰለፎ። ብጽልዋ ስርሒት ምድምሳስ ናደው ከኣ ተሰነይ፡ ባረንቱን ኣቑርደትን ሓራ ወጹ፡ ሰራዊት ጸላኢ ካብ ባርካ ጠቕሊሉ ተጸርገ፡ ብምብራቕ ድማ ህዝባዊ ግንባር ንሳሕል ምስ ሰሜናዊ ባሕሪን ጎላጉል ሰምሃርን ዘራኽብ ሰፊሕ ቦታታት ክቈጻጸር ከኣለ። ሰራዊት ህ.ግ ዚ ቦታታት'ዚ ምቁጽጻሩ ድሒሩ ንስርሒት ፈንቅል ባብ ዘርሓወ ዓቢይ ስትራተጂያዊ ኣገዳስነት ዝነበሮ ፍጻመ እዩ።

ድሕሪ ምድምሳስ 'ናደው-እዝ' ህዝባዊ ሰራዊት፡ ነቲ ዝጨበጦ ዓወት ንምዕቃብን ዚያዳ ንምስፍሑን ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ግንባር ሓልሓል ዓሪዱ ዝነበረ "መንጥር እዝ" ዝተባህለ ሰራዊት ደርግ መጠነ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ብምፍናው ከቢድ ክሳራ ኣውሪዱ ሰፊሕ ቦታታት ክቈጻጸር እንከሎ፡ ኣብ ወርሓት ሚያዝያን ግንቦትን ከረን ንምሓዝ ዘካየዶ ክልተ ፈተነታት ግን፡ ሰራዊት ደርግ ካብ ምሉእ ኢትዮጵያ ዘሎ ዓቕምታቱ ኣኻኺቡ ተሪሩ ስለዝመከቶ ኣይተዓወተን። በዚ ድማ ህዝባዊ ሰራዊት መጥቃዕትታቱ ንግዜኡ ደው ኣቢሉ፡ ኣብ ከባቢ ማስሓሊት ንዝሓዞ ሓድሽ መከላኸሊ መስመር ግንባር ከረን ኣብ ምድልዳል ኣተወ። ስርዓት ደርግ ብወገኑ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ጨቢጡዎ ዝነበረ ጸብለልታ ንምምኻኽ፡ በቲ ኣኻኺቡ ዘምጽኦ ግዙፍ ሰራዊት፡ ኣብቲ ሓድሽ ግንባር ከረን ሰፊሕ ጸረ-መጥቃዕቲ ፈነወ።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ ጸረ-መጥቃዕቲ ሓደ ካብቲ ስርዓት ደርግ ዝወሰዶ ዓቕሊ-ጸበባዊ ስጉምቲ፡ ንማበል 102 ኣየርወለድ ሰራዊቱ ብስቱር ኣንቀሳቒሱ፡ ብድሕሪት ብጉላጉል ተጠዊዩ ኣፍዓበት ክኣቱ ዝገበሮ ወፍሪ እዩ። ኣብዚ ወፍሪ'ዚ ማበል 102 ኣየር ወለድ ክፍለ-ሰራዊት ምስ መራሒኡ ብሪጋዴር ጀነራል ተማስገን ገመቹ፡ ኣብቲ ዝተዋህቦ ሸቶ ከይበጽሐ ብጥሪይ ጽምኢን መጥቃዕቲ ተጋደልቲን ሃለቐ። ድሕሪኡ፡ ኣብ ኾቦታት ሮራ መንሳዕ እንስ፡ ግልንዳ፡ ግዞዞ፡ ዓጋመት፡ ሩብዓሰበን ሓልሓልን ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ውግእ እኳ እንተ ኣካየደ፡ ሰራዊት ደርግ ክሰልጦ ኣይከኣለን። ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ ብዙሕ ማሰዋእቲ ከፊሉ፡ ብስርሒት ምድምሳስ ናደው-እዝ ዝተጎናጸፎ ዓወት ዓቂቡ ወጸ። ኣብዚ ኣብ ግንባር ከረን ካብ መጋቢት ክሳብ ኑሓሰ 1988 ዝተኻየደ ብርቱዕ ውግእ፡ ጸላኢ ኣብ ርእሲ ምድምሳስ ናደው-እዙ ተወሳኺ 20,000 ሰብኣዊ ክሳራ ተሰኪሙ፡ ኣብ መወዳእታ ስዕረቱ ኸሲሙ ዘፍ ክብል ተገደደ።

**ይቕጽል . . .**

**ምንጪ፦**
**ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ ቅጺ - 3**
**'ፈንቅል'**
**መጽሄታዊ ጽሑፍ ብሰለሙን በርሀ**

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዕላል ተመኩሮ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ተኩኢንሳይት |
| 15:05 | ፓኖራማ |
| 15:35 | ዶክመንታሪ |
| 16:00 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:10 | ፈዮርና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፌ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሲትካም |

4ይ ክፋል
የማነ ያእቀብ
ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት

# ኣፍሪቃ፡ ግዳይ መግዛእታውን ድሕረ-መግዛእታውን መዋቕራዊ መጻወድያ

*ቱኒዝያዊ ፕሮፌሰር ፋደል ቃቡብ፡ ምዕራባውያን ኣብ 50ታትን ድሕሪኡን ዝሓለፎ ቁጠባውን ፖለቲካውን ምዝመዛም ኣብ ኣፍሪቃ ዝቐጸሉ መዋቕራዊ መጻወድያ፡ ክሳብ ሕጂ ንሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ታኼላ ድኽነትን ዕዳን ሸሚሙ ካብ ምሃብ ሓሊኹ ሒዞወን ከምዘሎ እዩ ዝገልጽ። ካብዚ መዋቕራዊ መጻወድያ ንምልቃቕ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘለወን እጃ ኣሚሪጹ ድማ ኣንጻር ርዱእ ተጻብኦታት ምዕራብ ማኪትካ ዞባውን ኣህጉራውን ሕብረትን ሓባራዊ ዕዮታን ምምዕባል፣ ጥመር ጂኦፖለቲካዊ ሓይሊ ብምፍጣር ምዕሩይ መዛዘዩ ባይታ ምጥጣሕ ጥራይ ምዃኑ ይገልጽ። እዚ ጽሑፍዚ ጽማቕ ትርጉም ናይቲ ፕሮፌሰር ፋደል ኣብ ኬንያ ምስ ዝመደቡ ንገዲ ሾው ዝገበሮ ሰፊሕ ቃለ-መሕትት እዩ።*

***

*ፋደል ቃቡብ ምኽኒ መጻወድያ ዕዳ ኣብ ምሉእ ኣፍሪቃ ኣብ ሰለስተ ማእረታውያን ጻውድታት ከምዝኸፈሎ፡ ንሱ ድማ 1. ሕጽረት መግቢ 2. ሕጽረት ጸዓት 3. ሕጽረት ዋጋ ዘወሰኸ ትሕዝቶ ዘለዎ ስርዓተ-ሰንዓ (ቴክኖሎጂ) ምዃኑ ኣብ ዝሓለፉ ክፋላት ብዝርዝር ገሊጹዎ ነይሩ። መቐጸልታኡ ይስዓብ።*

**• ሕብረት ኣፍሪቃ እንታይ እዩ ዝሰርሕ? ስለምንታይ እዩም መራሕቲ ኣፍሪቃ ጽጋም ኣፍሪቃ ብኩልኦት ሃገራት ክፍታሓሉም ዘጸበዩ? ንኣብነት እዚ ብጥልያን ዝተጠቐሰ ብመደብ ማተይ ዝፍለጥ ትርጉም ኣለዎ ድዩ? እስከ ብዝዕባ እዚ ኣብርሃለይ።**

ኩሉ ሰብ ብዛዕባ ኣፍሪቃ ራእዩ መደብ ኣለዎ ዝብል። ኩሉ'ቲ ዝዘረብ ራእይ ኮነ መደብ ግን ኣብ ሓደ ክጠቓለል ይኽእል እዩ። መግዛእታዊ መደብ ኣፍሪቃ። ድሮኸት መደብ ማታይ ሰዩት እዩ። ኣብ 2050 ብሰንኪ ምምዛባል ክሊማ ብዓለም ደረጃ ልዕሊ 216 ሚልዮን ህዝቢ ክፈናቐል ምዃኑ ባንክ ዓለም ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ዘውጸኦ ጸብጻብ የመልክት። ካብዚኦም እቶም 100 ሚልዮን ኣብ ኣፍሪቃ እዮም። ውሽጣዊ ምምዛባል ክፋል ሕብረተሰብ ኣብታ ሃገር ኣብ ጸገታት መግቢ፡ ኣባይቲ፡ ስራሕ ...ወዘተ ከቢድ ጸቕጢ ይፈጥር። ከም ሳዕቤኑ ኩናትን ካልእ ከበድቲ ገበናትን ይስዕርሩ። ክንዲ'ዚ ዝኣክል ህዝቢ ክፈናቐል እንከሎ ከኣ መብዝሕትኡ ግዜ እቲ ህዝቢ ዶብ ይሰግር። ንስደራቢቱ ሓዘ ዝሓሸ ቦታ ናብ ዝረኽበሉ ክግዕዝ ይሓስብ። ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝሰደድ እቲ ዝደኸመ ጥራይ እዩ። ምኽንያቱ ጎረቤት ሃገር ካብታ ቀንዲ ሃገር ብዘይሓይሽ ስለ እትጽሎ።

ስለዚ ዋላ ውሑድ ማእታዊት ናይቲ ቁጽሪ ቱኒዝያ ሰጊሩ ናብ ኤውሮጳ ክኣቱ እንተተበጊሱ፡ ኣብ ታሪኽ ዓለምና ተራእዩ ዘይፈልጥ ቅልውላው ስደተኛታት ክኸስት እዩ። ዝኾነት ሃገር ከኣ ብቁጠባ ኮነ ብሎጂስቲክ ክንዲ'ዚ ዝኣክል ቁጽሪ ስደተኛ ክተኣንግድ ድልውቲ ኣይኮነትን። ጣልያን ካብ ኣፍሪቃን ካልእ ቦታታትን ናብ ኤውሮጳ ዝውሕዙ ስደታኛታት መእተዊ ኣፍደገ ከም ምዃና መጠን ቀዳመይቲ ተሰኮሚት ናይዚ ዕልቕልቕ እያ። እዚ ኣብ ግምት ብምእታው እያ ኣብ ደቡባዊ ክፍለ ዓለም ስራሕ ብምፍጣር ነቲ ክስዕብ ዝኽእል ዋሕዚ ስደተኛታት ክትገትእ ትፍትን ዘሎ። ይኹን'ምበር እንታይ ዓይነት ወፍሪ እዩ እዚ ስዉጢ'ዚ ከምጽእ ዝኽእል? ጣልያን ኮነ ካልኦት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ነቲ ብሕብረት ኣፍሪቃ ዝተነድፈ ራእዩ ኣፍሪቃ ዘጸብርቕ ኣጀንዳ 2063 ጠሚቲናኦ ኣለዋ ዝብል እምነት የብለይን። ኣብዚ ኣጀንዳ ናይ ብሓቂ ክሰርሕ ዝኽእል መሰረታዊ ኣሰራ ምዕባለን ብልጸግናን ምርኸቡ። ይኹን'ምበር እዚ ማታይ ፕላን ዚ ኣፍሪቃዊ ኣጀንዳ ኣይተወከሶን ጥራይ ዘይኮነ ኣይጠቐሶን'ውን።

ከም ውጥናዊ ትካላቶም ኣብ ኣፍሪቃ ከውፍሩ፡ ከም ሓቂ ካብ ካርቦን ናጻ ዝኾነ ናብ ኤውሮጳ ንሰደድ ዝዋለመ ጸዓት ክምዝምዘ ክኣትዋ እዮን። እዚ ወጥን'ዚ ካብ ካርቦን ናጻ ዝኾነ ድኻዊ ኣብ ምፍራይ ዘድሃበ እዩ። እዚ ድኻዊ'ዚ ግን ንዓና ንኣፍሪቃውያን መሰረታውያን ኣእካል ብምፍራይ ልኡላውነት መግቢ ኣብ ምርግጋጽ ዝሕግዘ ድዩ? ወይስ ሕጂ'ውን ኣብዩም መመላእታ መግቢ ከም ቆጽሊ ሻሂ፡ ቡን፡ ካካዎ ...ወዘተ ኣብ ምፍራይ ብምሕጻር ናብ ዘኸፍኦ መጻወድያ ዕዳ ዘወስድ እዩ? ርኢኺ'ለኺ፡ ወጥን ማታይ ጥራይ ዘይኮነ ሕብረት ኤውሮጳ'ውን ኣብ ኣፍሪቃ ድሮ መራሕትና ክይተረፈ ዝጸምብልዎ ካብ ካርቦን ናጻ ዝኾነ ወፍርታት ኣካይደዎም ኣለው። ኣቡት ክህበኪ፡ ኤውሮጳውያን ኣውፊርቲ ኣብ ማውሪታንያ ካብ ካርቦን ናጻ ዝኾነ ናይ ዕደና ኣቻዊ ወፍሪ ጊደርም ኣለው። ኣቻዊ ጽዑቕ ጸዓት ዘለዎ ማዕድን እዩ። እዚ ዝፈሪ ዘሎ ኣቻዊ ንማውሪታንያ ወይ ንጎረባብታ ጸዓት ክዕድል ዝፈሪ ዘሎዶ ይመስለኪ? ወይ ከኣ ቁጠባ ማውሪታንያ ንምምሕያሽ ዝዓለመዶ ይመስለኪ? ኣይፋሉን።

ካብ ካርቦን ናጻ ዝኾነ ኣቻዊ ንሰደድ ናብ ኤውሮጳ ዝዓለመ እዩ። ካብ ካርቦን ናጻ ስለዝኾነ ከኣ ናብ ዕዳጋታት ኤውሮጳ ክኣቱ እንከሎ ናይ ካርቦን ግብሪ ኣይከፍልን እዩ። እዚ ከኣ ድርብ ረብሓ ዝሓዘለ ይጉብሮ። ብቑዓምነት ንሕብረት ኤውሮጳ ከም መሳርሒ ምሕደራ ዝቕባ ክገልግል ዝተነድፈ እዩ። ምኽንያቱ ልዑል ቀረጽ ዘይክፈሎ ሕሰር ኣቻዊ ይረኽብ ስለዘለዋ። ብኩልኣይ ደረጃ ብኣንጻር ተወዳደርቲ ሕብረት ኤውሮጳ ዝኾና ሃገራት ከም ኮርያ፡ ጃፓንን ብራዚልን ኣብ ንግዲ ንምዕብላል ዝዓለመ እዩ። ምኽንያቱ እዘን ሰለስተ ሃገራት ዘፍርያኦ ኣቻዊ ካብ ካርቦን ናጻ ብዘይምዃኑ ዶብ ክሰግር እንከሎ ልዑል ናይ ካርቦን ግብርን ቀረጽን እዩ ዝኸፍል። ስለዚ እዚ ኣብ ማውሪታንያ ካብ ካርቦን ናጻ ዝኾነ ወፍርን ክሊማዊ ምወላን እናተባህለ ዝጽዋዕ ዘሎ መሳርሒ ንማውሪታንያ ብሓቂ ከም ቦታ ምዝመዛ ሕሰር ንጥረ-ነገርን ኣህላኺ ምዕራባዊ ፍርያትን ኣብ ህሉው መግዛእታዊ ስርዓት ተራኣ ክትጻወት ቀሪዱ ሓዚዋ ዘሎ እዩ። ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ከም “ቀጠልያ ኢንዱስትርያዊ ዞን” ኣብ ናሚብያ'ውን ብተመሳሳሊ። እዚ ኩሉ እምበኣር ሕብረት ኤውሮጳ ብኢንዱስትርያዊ ፍርያት ዘለዋ ቦታ ንምውሓስ ዝተሃንደሰ ወጥን እዩ።

**• ወጥን ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ኣፍሪቃ ዝሰርሕዶ ይመስለካ? ኣፍሪቃ ካብቲ ዘሎቶ ዝተሓተ ደረጃ ንምውጻእ ሕብረት ኤውሮጳ እቲ ክጻወቶ ዝግባእ ተራ ይጻወት ኣሎዶ ትብል?**

ሓቂ ንምዝራብ ኣይመስለንን። ኣጀንዳ 2063 ሓደ ዓቢ ሰነድ እዩ። ኩሎም እቶም ንሕና እንደልዮም ቀንዲ መቆሚ ባእታታት ዝሓዘ እዩ። እንተኾነ ግን ተሰኪዱ ኮፍ ካብ ዝበለ ከባቢ ዓሰርተ ዓመት ኣቑጺሩ ኣሎ። ዛጊት ሓደ'ኳ ካብቶም ባእታታት ዝተበራበረ የለን። ንኣብነት ኣፍሪቃ ካብ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ ክትገላገል ዘኽእላ ምቛም ኣፍሪቃዊ ፊናንስያዊ ትካላት፡ ምቛም ማእከላይ ባንክ ሽርክነት ኣፍሪቃ ...ወዘተ ኣብ ወረቐት ክትርእዮም እንከለኻ ኣዝዮም ኣህረፍቲ እዮም። ይኹን'ምበር ዛጊት ኣይተበራበሩን። ምኽንያቱ ንምብርባሮም ገለ ሃገራት ኣፍሪቃ ገንዘብ ከውጽኣን ነተን ትካላት ክምውላን የድሊ። ብኣንጻሩ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ ብዓበኡ ብሕብረት ኤውሮጳን ካልኦት ለገስቲ ሃገራትን እዩ ዝምወል።

ስለዚ፡ እንተደኣ እቲ ቀንዲ ውሳኔ እንህበሉ ኣገዳሲ ቦታና ገዛእትና ንበሎም ዝምወል ኮይኑ፡ እዞም ገዛእትና ጸባሒ ካብ ተጸጋዕት ዘኾሳግለና ኣጀንዳ ክምውሉ ከመይ ጌይርና ንጽበ? ሕብረት ኤውሮጳ ኣመሪካ ኮነ ካልኦት ለጋሲቲ ሃገራት ጸባሒ ንግሆ መወዳደርቶም ክንከውን ዘኽእለና መሳርሕ ክምውሉ ፈጺምና ክንጽበ የብልናን። ሃገራት ኣፍሪቃ ከኣ ዕዳ ኣብ ምኽፋል ተሓጺረን እናሃለዋ ዝበን ንብለን ዘለና ኣፍሪቃዊ ፊናንስያዊ ትካላት ክምውላ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ንኣብነት ኬንያ 50% ካብ ሰደድ እትረኽቦ ገንዘብ ዕዳ ኣብ ምኽፋል እያ ተውዕሎ። እዚ ከኣ ንኬንያ ጥራይ ዝምልከት ዘይኮነ መብዝሕትአን ሃገራት ኣፍሪቃ'ውን ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት እየን ዝርከባ። እተን ዕዳ ምስ ከፈልካ ዝተርፈ ገንዘብ ዕዳኡ፡ ሰርናይ፡ ሩዝ፡ ንዩዲ ...ወዘተ ምስ እተሸመተለን ነቲ ካልእ መሰረታዊ ጠለባት ከም ትምህርቲ፡ ሕክምና፡ ምርምርን ምምዕባል ጸጋታትን ዝተርፍ ገንዘብ ኣዝዩ ድሩት እዩ።

ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ምምዋል ኣጀንዳ 2063 ክትሓስብ'ውን ዓቕሚ የለን። እዚ እዩ ከኣ እቲ ምኽንያት ሓድሽ ሓሳብ ሐዚና ክንመጽእ ዘገድድ። ምኽንያቱ ኣብ ኣፍሪቃ ለውጢ ዘምጽእ ወፍሪ ክንረኽብ እንተኺኢና፡ ጂኦፖለቲካዊ ሓይሊ ክህልወና የድሊ። ሱቕ ኢልካ ናብ ዋዕላታት እናኸድካ ሓደ ትሪልዮን፡ ክልተ ትሪልዮን ሓሙሽተ ትሪልዮን ክትልምን ኣይትኽእልን ኢኻ። ናብ ከምዚኦም ዓይነት ዋዕላ ከይደካ ዋላ 10 ዶላር ብመልክዕ ምወላ እንተሓቲትካ'ውን ከምዘይትረኽብ ርግጸኛ እዩ። ምኽንያቱ ጂኦፖለቲካዊ ሓይሊ የብልናን። ስለዚ ኣፍሪቃ ጂኦፖለቲካዊ ሓይሊ ፈጢራ ምስጥጋር ቴክኖሎጂ ከተሰገድድን ኣብ ዓለም ግቡእ ቦታኣ ክትሕዝን እንተኾይና፡ ከምቲ ኣቐዲመ “ትውጊት ናይዚ ዘመን” ብምባል ዝገለጽክዎ ዓይነት ጂኦፖለቲካዊ ስትራተጂያዊ ራእይ ምሕንጻጽን ምትግባርን ከድልያ እዩ።

**• ካብ መራሕቲ ኣፍሪቃ ዝ. ሃርዚ ከዐውት ፈቲኡ ኢልካ ትምከሮ ኣሎዶ?**




ኣብ መደረ እወ። ብሓቂ እንታይ ክግበር ከምዝግባእ ብምልእኦት፡ ከምዚ ኣብዚ ራእይ ሰፊሩ ዘሎ ዝርዳእ ኣሎ ዝብል እምነት ግን የብለይን። ብርግጽ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ከም ዩጋንዳ፡ ገለ ሃገራት ሰሃራ፡ ዋላ'ውን ናሚብያ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ክዛረቡ ትሰምዕ ኢኻ። ይኹን'ምበር ብልክዕ እቶም ኣብ ምዕዋቱ ደረጃ ብደረጃ ክውሰዱ ዝግብኡ ግብራውያን ስጉምትታት ይፈልጥዎም እዮም ዝብል እምነት የብለይን። ንዝሓለፈ ውሑዳት ኣዋርሕ ከኣ ዚ ራእይ'ዚ ናብ ምሉእ ደቡባዊ ክፍለ-ዓለም ኣብ ምልባዩን ናብ ወሰንቲ ኣካላት መንግስታት ከም ዲፕሎማስኛታትን ዓበይቲ ሓለፍትን ኣብ ምብጻሑን ኢና ክንሰርሕ ጸኒሕና። መልእኽትና ኑቶም ዚ ራእይ ዝርድኡ ግን ከኣ ብውልቂ ክግበር ዝኽእል ሃገር ስለዘየለ ዛጊት ዋላ ሓንቲ ክዝበሩ ዘይክኣሉ መራሕቲ፡ ዕቱብ ዝርርብ ክገብሩ፡ እቲ ዝደለ ቁጽሪ ሃገራት ዘለዎ ሕብረት ክፈጥሩን ነዊሕ ዝጠመተ ፖለቲካዊ መበጽዓ ዚ ራእይ'ዚ ክኣትዉን ዝብል እዩ።

እዚ ንእምሞ ዘለና ራእይ ብሓቂ ነቲ ዘሎ ጂኦፖለቲካውን ቁጠባውን ደረጃታት ዓለምና ዝቕይር ስለዝኾነ እቲ ዝተረፈ ዓለም 30፡ 40 ሃገራት ደቡባዊ ክፍለ-ዓለም ሕብረት ፈጢረን ንህሉው ኩነታት ክቕይራ ኢዶ ኣጣሚሩ ክርኢ ከምዘይኻ ክንገዝእብ ይግባእ። ኩሉ ዓይነታት ዕንቅፋት ናብ መገድን ክድርብ ምዃኑ ክንጸበዮ ዝግባእ ሓቂ እዩ። ከምዚ ዓይነት ሕብረት ዘይደልያ ሃገራት ኣብ ውልቀ ሃገራት ናይዞን ሕብረት ክፈጥራ ዝበጦሳ ሃገራት ዝተፈላለዩ ጸቕጥታት ብምፍጣር ካብቲ ሕብረት ንክወጻ ከገድዳ እየን። እዚ ምቱእ ዝጉበር ከኣ ከላተን ሃገራት ደቡባዊ ክፍለ-ዓለም ዘለወን ተመሳሳሊ ድኽም ጎኒ እዩ። ዕዳ፡ ሕጽረት መግቢ፡ ሕጽረት ጸዓት፡ ሕጽረት ቴክኖሎጂ፡ ዘቤታዊ ስግኣት ጸጥታ፡ ዞባዊ ስግኣት ጸጥታ ...ወዘተ ርእይ ጸገማት ንፍሱወከፍ ሃገር ደቡባዊ ክፍለ-ዓለም ስለዝኾኑ፡ ዝኾነት ሃገር ድሕሪ ፈኩስ ጸቕጢ'ውን እንተኾነ ካብቲ ሕብረት ክትወጽእ ክትግደድ ትኽእል እያ። ስለዚ እቲ ዝፍጠር ሕብረት ነተን ቀንዲ ቅሉዓት ኣባል ሃገራት መስመር ቀረብ መግቢ፡ መስመር ቀረብ ጸዓት ...ወዘተ ዘውሕሱ ኣልያ ናይ ሓባራዊ ርእሱ ምርኩሳ ክህልዎ የድሊ። ኣብ ርእሲ'ዚ ሓባራዊ ናይ ጸጥታ ስምምዕ ክህልወን የድሊ።

**• ኣብ ብሪክስ ዘለካ ሓፈሻዊ መረዳእታ ከተካፍለና ምደለኹ። ምስቲ ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእሰና መፍትሒ ክህልወና ኣለዎ ኢልካ ትገብሮ ዘለኻ ብምትእስሳር፡ ምጽንባር ሃገራት ኣፍሪቃ ናብ ብሪክስ እቲ ቅኑዕ መገዲ እዩ ኢልካዶ ትኣምን?**

ንመጻኢ እወ። በዚ ሕጂ ዘሎ ኣተሓሕዛ ግን ኣይፋል። ምኽንያቱ ዝኾነ ብቑጠባ ሓያል ዝኾነ ሕብረት ናይ ገዛእ ርእሱ ራእይ ክህልዎ ማለት እዩ። ብሪክስ ብሓሙሽተ ኣባላት ሃገራት ክቖውም እንከሎ ኣብ ንግዲ ዘተመርከሰ ቁጠባዊ ምዕባለ ከም ራእይ ተኸቲሉ'ዩ ተበጊሱ። ነተን ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት ኣብ ናይ ገዛእ ርእሰን ጸወታ ብናይ ገዛእ ርእሰን ሕግታት ክስዕር ዝተጠመሰ ሕብረት እዩ። እዚ ኣቐዲመ “ጂኦፖለቲካዊ ትውጊት ናይዚ ዘመን” ብዝብል ዝዘተኹሉ ኣገባብ፡ ብሪክስ ንጥፈታቱ ክኽልስ ዝግብኦ ዕቑር ሓይሊ ዝሓዘ እዩ። ምኽንያቱ እዚ ትውጊት'ዚ ናብ ቻይና እንተቐሪቡን ቁጠባዊ ለውጢ ደቡባዊ ክፍለ-ዓለም ምቕናዕ ወፍሪ ስትራተጂያዊ ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲታት ከምዝጠልብን ንረቡሓኣ'ውን ከምዝሃብ ቻይና ክትርድኦ እንተኽኢላ፡ ዓበይቲ ወፍርታት ቻይና ብቐጻበት ኣንፈቶም ናብ ደቡባዊ ክፍለ-ዓለም ከምዝቕየሩ ርግጽ እዩ።

ኣባል ሃገራት ብሪክስ ኣቀራርባኦን ናብ ደቡቡ-ደቡብ ምትሕግጋዝ ደጊመን ክሓስባሉ እየን። ኣባል ሃገራት ብሪክስ ምፍጣር ብዙሕ ቀጽራዊ ስርዓት ሓደ ካብ ዕላማኦን ምዃኑ ይገልጻ እየን። መረዳእታይ ከኣ ንኣህጉር ኣፍሪቃን ነቲ ዝተረፈ ደቡባዊ ክፍለ-ዓለምን ማእከል ከይገበርካ ዝፍጠር ብዙሕ ቀጽራዊ ስርዓት ክህሉ ኣይክእልን ዝብል እዩ። ስለዚ ዚ ትውጊት'ዚ ክንዕውተሉ እንተኺኢልና፡ ብደረጃ ዓለም ዝዓበየ ብዝሒ ህዝቢ ስለዘለና (ብዝሒ ህዝቢ ደቡባዊ ክፍለ-ዓለም 88% ናይ ዓለምና እዩ) እቲ ዝተረፈ ውሑድ ህዝቢ ዳግመ ሰርርዕ ክዝበር ክግደድ እዩ። እቲ መራሕነት ግን ካብ ቻይና ወይ ካብ ሃገራት ብሪክስ ወይ ካብ ዝኾነ ካልእ ዘይኮነስ ብቑዓምነት ካብ ደቡባዊ ክፍለ-ዓለም ብሸርክነት ምስ ዝተረፈ ዓለም ክመጽእ ኣለዎ።

**• ቅድሚ ምውዳእና እቲ ዝዓበየ ሓሶት ብዛዕባ ኣፍሪቃ ዝተዘርበ እንታይ እዩ?**

እቲ ዝዓበየ ሓሶት ብዛዕባ ኣፍሪቃ ዝዘረብ ኩላትና ንርድኦ እመስለኒ። ንሱ ከኣ ኣፍሪቃ ድኻ እያ ዝብል እዩ። ኣፍሪቃ ድኻ ኣይኮነትን። ኣፍሪቃ ድኻ እንተትኸውን ፍጹም ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኣምበይ ምኣተናን። ዝኾነ ሰብ ዝኾነ ሃገር ክምዝምዝ ኢሉ እግሩ ናብ ኣፍሪቃ ኣምበይ ምሰደደን። ኣፍሪቃ ኣዝያ ሃብታም እያ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣፍሪቃ ኣብ ባህርያዊ ጸጋታት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ዕቑር ዓቕሚ'ውን ኣዝያ ሃብታም እያ። እዚ ስለዝኾነት'ዩ ከኣ ኣብ መግዛእቲ ወዲቕና። እዚ ስለዝኾነት'ዩ ገዛእትና ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ቁጠባዊ መግዛእቶም ዘየቋረጹዎ። እዚ ስለዝኾነት'ዩ ህሉው ጂኦፖለቲካዊ ስርርዕ ዓለምና ካብ ምብርባር ዕቑር ዓቕምና ዓቢ ስግኣት ዝጸበ። እዚ ስለዝኾነት'ዩ ኮነ ኢልካ ተመቓቒልናን ተዳኺምናን ኣብ ድኽነት ከም እንነብር ዝገበሩ። ንሕና ኣፍሪቃውያን ዚ ንፈልጥ ኢና። እቲ ሕቶ ከመይ ጌይርና ኑቶም ዝተዘርግሑልና መጻወድያታትን ማሕለኻታትን በታቲንና ዕቑር ዓቕምና ክብራብር ዝብል እዩ።

**• እንታይ ሓድጊ/ታሪኽ ክትገድፍ ትደሊ?**

ብጥመር መዋቕራዊ ለውጢ ኣብ ልኡላውነት መግቢ፡ ልኡላውነት ጸዓትን ከምኡ'ውን ኢንዱስትርያዊ ፖሊሲታትን ንምድማር፡ ዞባዊ ሕብረት ዋላ ብንኡስ ደረጃ እንተዝጠበቕ፡ ነቲ ዝተረፈ ክፍለ-ዓለም ዕቑር ዓቕምና ክንዲ ምንታይ ዓቢ ምዃኑ ከርኢ ምኸኣልና። ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ'ውን ቀስ ብቐስ ናብቲ ሕብረት ምተጸንበራ'ሞ ንሕብረት ኣፍሪቃ ብገዛእ ርእሰና ምመወልናዮን ኣብ ሕርሻ ዘለና ዕቑር ዓቕሚ ከነበራብር ምኸኣልና። እዚ ከኣ ዓቢ ኣበርክቶ ምኾነ።

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሪፓርታዥ

# ቅነ ውዳቤታት ሃማመተኤ፡ ጨንፈር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ብውዕዉዕ ኣገባብ ተኻይዱ

ኢንጅ. ሚካኤል በርሀ

ቅነ ውዳቤታት ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ ጨንፈር ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ካብ 27-30 ጥሪ ብውዕዉዕ መንፈስ ኣብ ሓውሲ ከተማ ናቕፋ ተኻይዱ። እዚ ‘ንቕሓትን ውዳቤን መንእሰይ፡ ዋሕስ ልምዓትን መኸተን’ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝተኻየደ ዞባዊ ቅነ ውዳቤታት፡ መዛዘሚ ናይቲ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት በብመንገደን ዘካየድኦ ንጥፈታት እዩ ነይሩ።

ብዕለት 28 ጥሪ ቅድሚ ቀትሪ ድማ ወግዓዊ መኽፈቲ ናይቲ ዞባዊ ቅነ ተኻይዱ። ሓውሲ ከተማ ናቕፋ ነቲ ዓቢ ኣጋጣሚ ኢላ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ወቂባን ብባንዴራታት ድማ ተሰሊማን ትረአ። እቲ ወግዓዊ መኽፈቲ ህዝብን ተሳተፍቲ ናይቲ ቅነን ብዝተሳተፍዎ ዓቢ ሰልፊ እዩ ጀሚሩ። ጭርሖታት ዝሓዙ፡ ብባህላዊ ክዳውንቲ ዝወቀቡ መንእሰያትን ተማሃሮን ድማ ነቲ ሰልፊ መሪሖሞ ናብቲ መኽፈቲ መደብ ዝካየደሉ ቦታ በጺሖም። ኣብቲ ናይ መኽፈቲ መደብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሰራዊት፡ ሃማመተኤ፡ ግንባርን መንግስትን ተረኺቦም ነይሮም። ነቲ ተዳልዩ ዝነበረ ሪቫን ድማ ኣዛዚ ተወርዋሪ እዚ ብርጋዴል ጀነራል ሓድሽ ኤፍሬም፡ ብኣቦ መንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲንን ካልኦትን እናተሰነየ ቀረጾ።

መደብ ጀሚሩ ክልተ ናይ ቀያሕቲ ዕምባባ መዛሙር ምስ ቀረባ፡ ኣዛዚ ተወርዋር እዚ ብርጋዴል ጀነራል ሓድሽ ኤፍሬም ብዛዕባ እቲ ኣጋጣሚ ቃሉ ክህብ ዕድመ ምስ ቀረበሉ ናብ መድረኽ ደየበ። “ነዚ ዓቢ መደብ ኣብዛ ቦታ ትእምርትን ጽንዓትን ዝኾነት ከተማ ናቕፋ ክካየድ ምውሳንኩም፡ ቅኑዕ ሕርያ እዩ፡” ድሕሪ ምባል ንሃማመተኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ነዚ ብሉጽ ምርጫ ምውሳዶም ኣመስጊኑ። ቀጺሉ ብርጋዴል ጀነራል ሓድሽ፡ “ቀደም መንእሰያት ከለና፡ ኣብዚ ዓኹናን ጠንኪርናን ኢና ሃገር ኣምጺእና። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ መንእሰያትና ሃገር ንምውሓስ ዝፍጽምዎ ዘለዉ ቅያ መዳርግቲ የብሉን። ዞባና ብሓዊ እናተሃወኸ፡ ንሕና ደሴት ሰላም ዝኾናሉ ምኽንያት ድማ እዚ እዩ፡” ድሕሪ ምባል ማሕበር ኣብ መንእሰያት ዝገብሮ ንጥፈታት ከሐይል ተላብዩ።

ድሕሪ ቃል ናይ ክቡር ብርጋዴል ጀነራል ሓድሽ ኤፍሬም፡ ዝተፈላለዩ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት እዮም ቀሪቦም። ንትእምርትን ጽንዓትን ከተማ ናቕፋ ዝገልጹ ደርፍታት፡ ንሕብረ ብሄራትናን ሕበረተሰብናን



ዝገልጹ ትልሂታትን ግጥምታትን ድማ ሓደ ድሕሪ ሓደ ናብ ተዓዘብቲ ቀሪቦም። ኣብ ጅራ ፍዮሪ ሓውሲ ከተማ ናቕፋ ተረኺቡ ዝነበረ ህዝቢ ድማ ብልዑል ጣቕዒትን ዕልላታን ኣሰንዩ ደገፉ ገሊጹ። ድሕሪ ጽምብል ወግዓዊ መኽፈቲ፡ ዕድሙት ኣጋይሽን ህዝብን ናብቲ ኣብ ኣዳራሽ ደንደን ተዳልዩ ዝነበረ ናይ ኤግዚብሽን ምርኢት እዮም ኣምሪሖም። ነቲ ተቐሪቡ ዝነበረ ዝተፈላለየ ስርሓት ድማ ሓደ ድሕሪ ሓደ ተዓዚዞቦም፡ ኣስተማቒርዎ።

እቲ ብዝተፈላለዩ ጭርሖታትን ባንዴራታት ወቂቡ ዝነበረ ቀጽሪ ሃማመተኤ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ናይ ምሸት ውዕዉዕ ትምህርታውን ባህላውን ውድድራት ከአንግድ እዩ ኣምስዩ። ኣብቲ ቀጽሪ ዘወር ምስ እትብል፡ ተማሃሮ ንሓድሕዶም ክፈኻኸሩ፡ ብናይ ምውድዳር መንፈስ ክሽማጠጡ ኢኻ ትዕዘብ። ናይ መን ደጋፊ ከምተኸውን ድማ ይጠፍኣካ። እቲ ኣብቲ ቀጽሪ ዝከየድ ዝነበረ ትምህርታዊውን ባህላውን ውድድራት፣ ስፖርታዊ ውድድራት ተሓዊስዎ ብውዕዉዕ መንፈስ ንጽባሒቱ እውን ቀጺሉ ወዓለ።

ኣብ ናይ ምሳሕ ግዜ፡ ዕድል ረኺብካ ናብ ከተማ ገጽካ ምስ እትዛወር ከተማ ናቕፋ ብባንዴራታትን ዝተፈላለዩ ጭርሖታትን ወቂባ ሰላም እያ ትብለካ። ንስኻ ድማ ምስቲ ታሪኻዊ ዝነኣ ኣገናዚብካ፡ ርእስኻ ድፍእ ኣቢልካ ዓጸፌታ ትምልሰላ። ዕለት 28 ከባቢ ሰዓት ሓሙሽተ ምስ ኮነ፡ ጽንብል ወግዓዊ መዛዘሚ ንምክያድ ኩሎም ዕዱማትን ተወዳደርትን ኣብቲ ሰፊሕ ኣዳራሽ ተረኺቦ። ዝክረ ሰማታት ድሕሪ ምክያድ፡ መራሒ መደብ ንኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ኣቶ ያቆብ እድሪስ ናይ መኽፈቲ ቃል ክሰምዕ ዕድመ ኣቕረበሉ።

ኣቶ ያቆብ ኣብ መግለጺኡ፡ ነዚ መደብ ኣብ ከተማ ናቕፋ ንክኸውን ንዝወሰኑ ኣካላት ድሕሪ ምምስጋን፡ ህዝቢ ናቕፋ ንዘርኣዮ ምትሕብባርን ንጡፍ ተሳትፎን እውን ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣመስጊኑ። ድሕሪ ኣቶ ያቆብ መድረኽ ዝተረከበ መንእሰይ ሳልሕ ናፍዕ፡ ኣወሃሃዲ ኮሚቴታት ቅነ ውዳቤ እዩ ነይሩ። ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ዓሰርተ ንኡሳን ዞባታት ዝተሳተፍኦ ዞባዊ ቅነ፣ ንቕሓት መንእሰያት ምኹስኳስ፡ ምኹስኳስ ክብርታት ሰውራን ሕብረተሰብናን፡ መንእሰያትና ኣብ ታሪኽ ዘለዎም ኣፍልጦ ንምዕባይ ከምኡ’ውን ንጥፈታት ምምሕዳር ከባቢታት ንምብርባር ምሕያልን ምዃኑ መንእሰይ ሳልሕ ኣብ መግለጺኡ ኣብሪሁ። ብተወሳኺ መንእሰይ ሳልሕ፡ እዚ ዞባዊ ቅነ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ኣብ 2024 ዝተኻየደ ቅነ ውዳቤታት ንኡሳን ዞባታት ምዃኑ ኣብሪሁ። ኣቓዲሙ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዝተኻየደ ቅነ ውዳቤታት ልዕሊ 3000 መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ምንባሩ’ውን ኣብ ጸብጻቡ ገሊጹ።

ብሓፈሻ ኣብዚ ዞባዊ ቅነ ውዳቤ እዞም ዝስዕቡ ውድድራት ተኻይዶም፦

### ትምህርታዊ ውድድራት

ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ትንታነ ናይ ሰራሕተኛታት መንእሰያትን ተማሃሮን፣ ውድድር መደረ፡ ክትዕ፡ እማመ ፈጠራዊ ሓሳብ፡ ውድድር ቅብኣ፡ ውድድር ምህዞን ሰንዓን፡ ውድድር ምትርጓም መጽሓፍቲ ናይ ተማሃሮ ተኻይዱ ነይሩ።

### ባህላዊ ውድድራት

ውድድር ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ውድድር ትልሂት፡ ውድድር ድራማ፡ ውድድር ድግማ ደርፊ፡ ውድድር ያታዊ ሸው ናይ ተማሃሮ፡ ከምኡ’ውን ውድድር ሓጺር ዛንታን ግጥምን ናይ ሰራሕተኛታት መንእሰያትን ተማሃሮን ተኻይዶም።

ብድሕሪ መንእሰይ ሳልሕ ናብ



መድረኽ ዘደየበ ሓላፊ ፖለቲካን ውዳቤን ሃማመተኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝኾነ መንእሰይ ሱሌማን ዩሱፍ እዩ ነይሩ። ሱሌማን ኣብ መግለጺኡ፡ ካብቶም ዝዓበዩ ዕላማታት እዚ ቅነ ውዳቤ መንእሰያት ሓድሕድ ክፋለጡን ተመክሮ ክለዋወጡን ምዃኑ ኣብሪሁ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ድማ ነዚ ዞባዊ ቅነ ዕዉት ኮይኑ ንክወጽእ ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት መንግስትን ውልቀሰባትን ኣመስጊኑ።

ድሕሪ እዚ ብርክት ዝበሉ ስነ-ጥበባዊ ስርሓት እዮም ናብ ተዓዘብቲ ቀሪብም። እቶም ዝቐርቡ ዝነበሩ ስነ-ጥበባዊ ስርሓት ኣብቲ ቅንያት ደሚቖም ካብ ዝወጹ ስነ-ጥበባዊ ስርሓት እዮም ነይሮም። መዛሙር ቀያሕት ዕምባባ፡ ድግማ ደርፊ፡ ግጥምታት፡ መደረ፡ ያታዊ ሸውን ከምኡ’ውን ደርፍታት ብፍሉጣት ደረፍቲ ዘጠቓለለ፡ ንልዕሊ 1፡30 ዝኸደ ስነ-ጥበባዊ ፍርያት ሓደ ድሕሪ ሓደ ናብ ተዓዘብቲ ቀሪቦም። ተወዳደርቲ፡ ንንኡስ ዞቦኦም ዘውክል ሰብ ምስ ረኣዩ ዘንጸባርቕዎ ዝነበሩ ግብረ መልሲ፡ ኣብቲ ቅንያት ሓያል ተወዳዳርነት ከምዝተንጸባርቐ ኣብኡ እንክሎ እዩ ዝርደኣካ።

ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ኣሕመድ ዓብደልቃድር እውን ኣብቲ ኣጋጣሚ ተረኺቡ ቃሉ ኣስሚዑ ነይሩ እዩ። ኣቶ ኣሕመድ ኣብ መግለጺኡ፡ “ታሪኽ ኤርትራ ታሪኽ መንእሰያት እዩ። ቀደም ናጽነት ዘምጽኡ መንእሰያት እዮም ነይሮም፡ ሕጂ ድማ ሃገር ዘውሕሱ ዘለዉ መንእሰያት እዮም። ተራ መንእሰይ ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ብሩህ እዩ፡” ድሕሪ ምባል መንእሰያት ቀዳምነታት ሃገርን መንግስትን ተረዲኦም ኩልንትናዊ ሰላም ሃገርና ክሕልዉ ተላብዩ።

ቅድሚ ናይ ሽልማት ስነ-ስርዓት ምጅማሩ፡ ኣቦ መንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ቃሉ ክህብ ናብ መድረኽ ተዓደመ። ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ንተወዳደርትን ተሳተፍትን እቲ ቅነ ዝኾኑ ተማሃሮ፡ እንቋዕ ናብዚ ብታሪኽ ትማሃርዎ ዝነበርኩም ቦታ ጅግንነት ብኣካል መጻኹም ብምባል የሃና ኢልዎም። ብተወሳኺ ኣቶ ሳልሕ፡ “እዞም ኣብዚ ብምንቅስቓሳቶምን ጥዑም ድምጾም ከዘናግዑናን ክምህሩናን ዝቐነዩ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ነቲ ኣብ ናቕፋ ዝተሓልመ ሕልምን ዝተወጠነ ሓሳብን ዘተግብሩ ስለዝኾኑ፡ ብልዑል ኣተኩሮ ክንሕብሕቦም ኣለና።” ብምባል ለበውኡ ድሕሪ ምቕራብ፡ ነቲ መደብ ዕዉት ንምግባር ዝሰርሑ ኩሎም ኣካላት ድማ ብስም ማሕበር ኣመስጊኑ።

ኣብ መወዳእታ ዕዉታት ውልቀ ተወዳደርትን ንኡሳን ዞባታትን ዝተዳወሎም ሽልማት ካብ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ሃማመተኤ፡ ግንባርን መንግስትን ተቐቢሎም። ንዝተዳለወሎም ሽልምታት ድማ ብልዑል ስምዒት ጸንቢልምዎ ኣስተማቒርዎን። ብውህሉል ነጥቢ፡ ጎብለል ናይቲ ክካየድ ዝቐነ ዞባዊ ቅነ ውዳቤ፡ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ብምዃን፡ ሽልማታ ካብ ኢድ ኣቦ መንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ተቐቢላ።

ከም ኣካል ናይቲ ቅነ ውዳቤ ኮይኑ ተዳልዩ ኣብ መደብ ተሰሪዑ ዝነበረ፡ ናብ ድፋዓት ናቕፋ ምኻድ እዩ ነይሩ። ዕለት 30 ንግሆ ሰዓት 5፡30፡ ኩሎም ተሳታፍቲ ናይቲ ቅነ ዝነበሩ ተማሃሮን መንእሰያትን ናብ እምባ ደንደን ንምድያብ ጉዕዞኦም ሓደ ኢሎም ጀመርዎ። እቶም ካብ ሻዱሻይ ክሳብ ሻሙናይ ዝመሃሩ፡ ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕምባባ እውን ኣካል ናይቲ ጉዕዞ እዮም ነይሮም። ነቲ በዳሂ ጉዕዞ ንምክያድ ድማ ተዳለዉ። ብገምጋም ሰዓት ዝወሰደ እንግሪ ጉዕዞ ሕሪ ምፍጻም ድማ ኣብ ዝባን እምባ ደንደን ኩሉ ሰብ ተኣከበ። ኣብቲ ቦታ ጽንዓት ዝኾነ እምባ ደንደን ምስ ደየብና፡ ብኣዛዚ ክፍለ ሰራዊት 59 ሌተናል ኮሎሬል ጥዕሙዝጊ ወልዱ (ወዲ ወልዱ)ን፡ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ 5/26 ዓብደላ ማሕሙድን ተመሪሕና ብዛዕባ ድፋዓት ናቕፋ ናይ ዋርሳ መደብ ኣካየድና። እቲ ኣብቲ ቦታ ዝተራእየ ምትሕግጋዝን ምትሕልላይን ኣብነት ናይቲ ኣብቲ ቦታ ዝበቖለን ዝዓምበበን ጽንዓትን ሓልዮትን ኮይኑ ተሰሚዑኒ። ኣብቲ ቦታ ዝተምደበ መደብ ዋርሳ ወዲእና፡ ንእምባ ደንደንን ናቕፋን ተፋኒና ድማ ነናብ ቦታና ኣምራሕና።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ተኪኤ ሞኘስ ክንፈ፡ ነፍ/ሄር ኣደይ ብርኽቲ ዘርኣያስ እሴት፡ ብህይወት እንከለዉ ብዕለት 09/08/2012 ናይ ህያብ ውዕል ገይራትለይ፡፡ 4ተ መሻሻኸር ኣብ ዝተረኸበሉ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ገጀረት ፕሎት 15ፓርሰል 1 ስፍሓት መሬት380 ት/ሜ ብስሞ ዝተመዝገበ ንብረት ቁጽሪ መዝገብ 57624 ጠቕላላ ቁጽሪ መዝገብ 94915 ብዕለት 29/01/2002 ዝተመዝገበ ሰለስተ መደቀሲ ክፍልታት ሓደ ሞኾን ክልተ ዓይኒ-ምድሪ ዝሓዘ ዋንታ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ግዛ ንዓይ ንብረት ክኸውን ዝሰርሖ ብውሳኔ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዚግታ ተወልደ ወልደጋብር፡ ወላዲተይ ነ/ሄር ሳህሉ ተድላ ወልደገርግሽ ኣብ ቅድሚ ረጅስትራር ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቀሪበ፡ ምስ ብዓል ቤታ ዝጥረዩቶ ንብጹሐታ ዝምልከት 1. ኣብ ከተማ ተሰነይ ዞን 8 ሎታ ቁ/50 ኣብ 547 ት/ሜ ዝተደኮነ ኣብ ሚ/መ/ማ/ ኣከቡበን ብመ/ቁ 153671፡ 5140100 ዝተመዝገበ፡ 2. ኣብ ከተማ ባረንቱ ኣብ 626.40 ት/ሜ ዝተደኮነ ኣብ ምም/ከተማ ባረንቱ ክፍሊ. ቴክኒክ ብዕለት 15/01/1996 ብስሙ ዝተመዝገበ፡ 3. ብስማ ዝተመዝገበ ኣብ ከተማ ባረንቱ ዞባ ሰላም ዝርከብ 2 ክፍሊታት፡ ሓደ ሓጋዚ ክፍሊ. ዝርከቦ ብጥዝዮዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ቁጽሪ 7300303 መወከሲ. ቁ730450 ዝፍለጥ፡ 4. ኣብ ከተማ ተሰነይ ዞባ ሰውራ ምም/ጋሽ ስቲት ዝርከብ፡ ብውርሲ. መዝ ቁ2/93 ተረጋጊጹ ብዕለት 04/01/93 ብስማ ዝተመዝገበ ቁ/ምስክር ወረቐት 700111 መወከሲ. ቁ700684 ዝተመዝገበ፡ 5. ኣብ ከተማ ኣቑርደት ዞባ ናጽነት ዝርከብ ብውርሲ. መዝ ቁ/5/93 ተረጋጊጹ ብዕለት 14/01/93 ብስማ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስቲ ሃብቲ ወላዲትና ነ/ሄር ሳህሉ ተድላ ወልደገርግሽ ንዓይ ምስ 10 ህልዋት ኣሕዋተይ 1 መዋቲ 2 ተተካእቲ ደቂ ብለበዋ ሂብትና ክጸድቀልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 4/03/2025 ኣብ 9ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዚግታ ተወልደ ወልደጋብር፡ ኣቦይ ነፍ/ ተወልደብርሃን ወልደጋብር ጉብሱ ኣብ ቅድሚ ረጅስትራር ላዕለዋይ ቤ/ፍ ቀሪበ፡ ብዓልቲ ቤቱ ዝጥረዩቶ ንብጹሐታ ዝምልከት 1. ኣብ ከተማ ተሰነይ ዞን 8 ሎታ ቁ/50 ኣብ 547 ት/ሜ ዝተደኮነ ኣብ ሚ/መ/ማ/ኣከቡበን ብመ/ቁ 153671፡ 5140100 ዝተመዝገበ፡ 2. ኣብ ከተማ ባረንቱ ኣብ 626.40 ት/ሜ ዝተደኮነ ኣብ ምም/ከተማ ባረንቱ ክፍሊ. ቴክኒክ ብዕለት 15/1/1996 ብስሙ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስቲ ሃብቲ ንዓይ ምስ 10 ህልዋት ኣሕዋተይ 1 መዋቲ 2 ተተካእቲ ደቂ ብለበዋ ሂብና ክጸድቀልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 9ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ተጋ/መብረሃቱ በቃ ሓጎስ፡ ኣቦይ ተወልደመድህን ሓጎስ ተስፉን ኣደይ ወ/ሮ ኣሰኩ ገብሩ ገብረመድህንን ኣብ ዓዲ ሓወሻይ ዝርከብ ንብረቶም ማለት ጤሳ ኣብ 7.40 ሜ*32.20 ሜ ዝተደኮነ ተወሳኺ 2 ክፍሊ. መረበ 4.90*7.45 ሜ፡ ከምኡ'ውን 3.80*4.0 ሜ ምስ ሓደ ንእሽቶ ህድሞ 3.60*4.00ሜ ሓደ ዓቢ. ህድሞ 11.70*6.40 ሜ፡ ምስ ምሉእ ንብረቱ ብውህብቶ ስለዝሃቡኒ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕለት 27/02/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ.

ወ/ሮ ዛይድ ኣሰገዶም ኣብርሀ፡ ብዓል ቤተይ ረዘ ገብረታትዮስ ሃብተ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/2/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ብርኽቲ ገብረኣብ ዓንደሚካኤል፡ ወደይ ርብል በርኸት ፍስሃዮ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ወረሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተወልደ ኣብርሃ ግብረቱ፡ ወለድና ኣብርሃ ግብረቱ ገብረን ኣብርሀት ገብረኪዳን ሃብቱጋብርን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

መሓሪ ሓጎስኣቦይ ሓጎስ ካሕሳይን ኣደይ ሉተገርግሽ ተስፋሃዋርያትን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን 12 ተተካእትን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ-ምነ

ከሳሲት ወ/ሮ ፅንጦ ዕቑባዝጊ፡ ተኸሳሲ. ጃንቦ ተስፉይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኣቶ ካሕሳይ ገብሩ ሓጎስ፡ ስም ት/ዕድመ ወደይ ሳሚኤል ካሕሳይ ገብረሂወት ምባል ተሪፉ፡ ሳሙኤል ካሕሳይ ገብሩ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰራጅ ኣሕመዲን ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ሰራጅ ኣሕመዲን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ኣቶ ፍቕረየሱስ መብራህቱ ያሲን፡ ስም ኣደይ ተኽአ ወልደሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ተኽአ ገብረማርያም ንኡር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ጀዋህር መሓመድ፡ ስም ት/ዕድመ ጓለይ ረወዳ ጃብር ዐሰማን ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና ጃብር ዐሰማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተስፉሂወት ሰረቐ ጋብር፡ ሓወቦይ መድሕን ጋብር ወልደጋብር ብቁ/ምስክር ወረቐት 300375 መወከሲ. ቁ/301930 ብስሙ ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ ብለበዋ ዝሃደፈለይ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ራሄል ክብሮኣብ፡ ስም ት/ዕድመ ወደይ ሳብር ዐሰማን መ/ዓሊ. ምባል ተሪፉ፡ ሳብር መዕተሰም መ/ዓሊ. ኣሰናይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሪ ሊና ኣማኒኤል ክፍለዝጊ፡ ኣዴና ኣድሓኑት ኣብርሀ መድሕን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓዳስ ወልደሚካኤል ሰመራ ምባል ተሪፉ፡ ሓዳስ ወልደሚካኤል ሳምራ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ፈሸን ግርማይ ኣፈወርቂ ምባል ተሪፉ፡ ፈሸን ገብረማስቀል ኣምለሶም ባየራይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዐሰማን ኣሺ. ሸንገ፡ ኣደይ ማካ ሶና ኣሸንጊ. ስለዝዓረፈት፡ ሓዳር ስለዘይገበራ ኣነ ጥራይ ወረሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ሚልኪያስ የሩሾም ተኪኤ ምባል ተሪፉ፡ ጸጋዎት የሩሾም ተኪኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓፍን ሮሞዳን ኢድሪስ ምባል ተሪፉ፡ ሓፍን ሮሞዳን ካሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ኣሕመድ መሓመድ እድሪስ መሳ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ እድሪስ መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡


መሓመድ ዐመር ሓምድ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ዐመር ሓምድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድ ዐመር ሓምድ ምባል ተሪፉ፡ ከድር ዐመር ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዘይነብ ዩሰፍ እድሪስ ምባል ተሪፉ፡ ኒያት ዩሰፍ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ማሕመድ ዓሊ. ሓምድዓሊ. ምባል ተሪፉ፡ ዓሊ. ሓምድ ዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/2/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ዘፍቅሮ ብዓልቤተይ ጠበቓ ምስየስ ተኽልዝጊ. ተኪኡ፡ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓዲ ጎልጎል ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስኩን ካብ ወሽጢ.ን ወጻኢ.ን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ዘውዲ ሳህለ ምስ ደቓን ምሉኣት ስድራቤትን



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅራ ሓፍትና ወ/ሮ ኣብርሀት ተኽለሚካኤል ስበሃቱ፡ ተቐማጢት እስራኤል ቴል ኣቪቭ ነበረ፡ ኣብ መበል 86 ዓመት ብሕማም ስለዝዓረፈት ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ዓዲ ጸንዓይ ዘቃበርኩምና ከምኡ'ውን ካብ ወጻኢ. ሃገር ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከምዝዮጸና ንገልጽ።

ምሉኣት ስድራ ቤት



## ምስጋና


ብዕረፍቲ ብልቢ. ዘፍቅራ ክብርቲ ብዓልቲ ቤተይ መም/ ምሕረት ገብረየውሃንስ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩማን ኣብ መቓብር ጸጸራት ዘቃበርኩምናን ከምኡ'ውን ብኣካል ተመላሊስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዮጸና ንሕብር።

ብዓል ቤታ ኣቶ የማነ ዞሚከኤል
ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት

## ሓዳስ መጽሓፍ

### መሶብ ፍልጠት ቅ፣1

መበቆል ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝኾነት ባህላዊን ማሕበራዊን ፍልጠት እተጸባርቕ መጽሓፍ፡ እቲ ዝተረሰዐ ገለ ያታታትና ቅርስና ማሕበራዊ ህይወትና እትዕቅብ መጽሓፍ ስለዝኾነት ንኩሎም ተማሃሮ ጆባእ ትብለኩም ኣላ። ግዝእዋ ኣንብብዋ ብልጽቲ መጽሓፍ'ያ።




ገለ ካብ ትሕዝቶታታ

- > ጽዉጽዋይ ዛንታታት
- > ሓጸርቲ ዛንታታት
- > ሕንቅል ቅንቅሊተይ
- > ኣሰግነኒ ወዘተ
- > ከምኡ'ውን ንሓንጎል ዘፍትሹ ግድላት

ትርከበሉ ቦታታት : > ቤት መጽሓፍቲ ኣውገት
> ሰቲት ስተሽነሪ
> ሃገር መጽሓፍቲ
> ሚካል ስተሽነሪ

ከምኡ'ውን ኣብ ኩለን እንዳ ስተሽነሪ ኣላተኩም።

ደራሲ. መጽሓፍ ዘምህረት ተስፋሚካኤል
ተሌ፣ 07121022

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ብምኽንያት ስርሒት ፈንቅል ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ይካየድ

‘ፈንቅል ቅኑዕ ሕርያ’ ብዝብል ቴማ ንዝጽምበል ዘሎ መበል 35 ዓመት ዝኸሪ ስርሒት ፈንቅል ንምድማቕ፡ ኵዕሶ መርበብ ገማግም ባሕሪ (ቢች ቮሊ-ቦል) ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ይካየድ ኣሎ።

እዚ ሰሉስ ኣብ ገርግሱም ዝጀመረ ውድድር፡ ኣብቲ ዕለት፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ሓረና ንዘፈር፡ ሰንጦቕ ንዓንዝርብዐ ብዝተመሳሰለ 2-1፡ ክንፈ ንንስሪ ከምኡ’ውን ሳዋ ንሽዐላ ብዝተመሳሰለ 2-0 ክረትዐኣን እንከለዋ፡ ብወገን ደቂ-ተባዕትዮ ሓረና ንመኾተ፡ ሰንጦቕ ንብድሆ፡ ዘፈር ንዓንዝርብዐ ብዝተመሳሰለ 2-0፡ ክንፈ ንሽዐላ 2-1 ሰዒረንኦ።

እዚ ውድድር፡ ትማሊ’ውን ቀጺሉ ነይሩ። ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጸወታታት፡ ሓረና ንብድሆ፡ ክንፈ ንመኾተ ብዝተመሳሰለ 2-0 ክስዕረኣን እንከለዋ፡ ንስሪ ከኣ ነታ ብሓረና ዝተሳዕረት ብድሆ 2-1 ረቲዓታ። በሪር’ውን ንመኾተ 2-0 ሰዒራታ። ብወገን ደቂ-ተባዕትዮ፡ ሓረና ንሳዋ 2-0፡ ክንፈ ንንስሪ 2-1፡ ሳዋ ንሽዐላ 2-0 ረቲዐናኦ። መኾተ ድማ፡ ንንስሪ 2-0 ሰዒራታ።

እዚ ዓመታዊ ዝካየድ ውድድር፡ ክሳብ 9 ለካቲት ዝቕጽል ኮይኑ፡ ሓብራዊ ጉያን ምሕንባስን እውን ከካየድ እዩ።

## ደቡብን ኢንሹራንስን ኣብ ፈላሚ ጸወታ ደሚቐን




ሃገራዊ ውድድር ኵዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ ትማሊ ብኽልተ ግጥማት ቀጺሉ።

ኣብዚ ሓሙሻይ ዕለት ውድድር፡ ፈለማ ናይ ምድብ ‘ለ’ ጋንታታት ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ዞባ ደቡብን ተራኺበን። ደቡብ ኣብ ሓሙሻይ ደቒቕ ካብ ሄቨን ተሰናም ብዘቕጸረታ ሸቶ ብኢጋኡ እያ 1-0 መሪሓ። እዛ ጋንታ፡ ኣከታቲላ ኣብ መበል 31ን 34ን ደቓይቕ ካብ ሚሪ ፍጹምን የዋና ክፍላይን ሸቶታት ወሲኻ ናብ ዕረፍቲ 3-0 መሪሓ ወጺኣ። ኣብ ካልኣይ እብረ ዝተወሰኸ ሸቶ ብዘይምንባሩ ከኣ፡ ደቡብ ተዓዊታ። ኣባ ክብራ ኣርኣያ ከኣ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰምያ።

ኣብ ዝሰዓበ ጸወታ ናይ ምድብ ‘ሀ’ ጋንታታት ኢንሹራንስን ሓይሊ ኣየርን ተራኺበን። ኣብ ቀዳማይ እብረ ብመንዲ ኣርሴማ ተኽለሃይማኖት ሸቶ ዘመዝገበት ኢንሹራንስ ኣብ ካልኣይ እብረ ድማ ኣርሴማ ኣብ መበል 49 ደቒቕ ንዓኣን ንጋንታኣን ካልኣይቲ ሸቶ ኣመዝጊባ። በዚ ሸቶታት ዘይዓገበት ኢንሹራንስ ብዘኸታተለ ኣብ መበል 73ን 85ን ደቓይቕ ካብ ሄርሜላ ቴድሮስን ማርታ ተወልደን ሸቶታት ወሲኻ ብበሪሕ 4-0 ተዓዊታ። ክልተ ቈልዑ ዘለዋ ማርታ ድማ ብልጽቲ ተጻወትቲ ናይ’ቲ ግጥም ተባሂላ።

ድሕሪ’ቲ ግጥም ኣሰልጣኒ ኢንሹራንስ መም. ሚካኤል ጠዓመ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ንሓይሊ ኣየር ኣቃሊልና ኣይረኣናያን። ጥንቑቕ ጸወታ ድማ ኣካይድና። ናይ ዓወት ስልቲ ከኣ ብዝዋጾአ ሰሪሕናሉን ተዓዊትናሉን።” ኢሉ።

ዓላሚ ሓይሊ ኣየር በኽሪም የናታን ድማ፡ “ንዓወት ወይ ንግዕዘ ኢልና ኣቲና። ኢንሹራንስ ግና ክንዮ ብቕዓት ተመክሮ ዘለዋ ጋንታ ብምኻና ክንሰዕር ተቐሲብና። ንዝመጽእ ጸወታና ግና፡ ሃጓፋትና ከሊልን ተመክሮ ክንወስድን ሓጊዙና ኣሎ።” ኢሉ።

እዚ ውድድር፡ ጽባሕ ኣዕሩፉ ዓርቢ ብኽልተ ግጥማት ክቕጽል እዩ።

## ሊግ ዓንሰባ ይቕጽል

ብ26 ጥሪ ዝጀመረ ሊግ ዓንሰባ ውድድር ኵዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ፡ ብሰንበትን ሰኑይን ቀጺሉ ነይሩ።

ብሰንበት ፈለማ ኣልኣርን ደንደንን ክጸወታ እንከለዋ፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ጸወታ 0-0 ወጺኦን። ድሕሪ ዕረፍቲ ግን፡ ኣልኣር ኣብ መበል 70 ደቒቕ ብመንዲ ናቢል ሙብረኽቱ፡ ኣብ መበል 75 ደቒቕ ከኣ ካብ ሚሮን ደበሳይ ከምኡ’ውን ኣብ ኢጋ ምዝዛም ያፈት ጊደዎን ብዘመዝገበወን ሸቶታት፡ ብበሪሕ 3-0 ተዓዊታ።



ቀጺለን ጉዛጦናን ኣልጋሽን ተጻዊተን። ጉዛጦና፡ ኣብ መበል 43 ደቒቕ ብመንዲ ሳምሶም እስቲፋኖስ መሪሕነት ሒዛ። ኣልጋሽ ከኣ ድሕሪ ዕረፍቲ ብመንዲ ረያን እስማኤል ተመዓራርያ። ድሕሪኡ ድማ ክልተ ሸቶታት ብምውሳኽ 3-1 ተፈላልየን።

እዚ ውድድር ሰኑይ ብጸወታ ኣልሂላልን ላሳለን ፈሊሙ። ኣልሂላል፡ 3-2 ክትዕወት እንከላ፡ ኣባ ሚካኤል (ርቡት) ብልጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተጸዊዑ።

ኣብ ዝሓለፈ ሻምፕዮን እዚ ውድድር ዝነበረት ዓንሰባ ምስ ንኣልሳሕል ገጢማ። ንዕረፍቲ 0-0 ዝተዛዘመ እዚ ጸወታ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ዓንሰባ ኣብ መበል 69 ደቒቕ እንኮን መዐወቲትን ሸቶ ካብ ፍትሒ ሓሰባ ረኺባ። ኣባ ነቢል ሄኖ ብልጽ ተጻዋታይ ክበሃል እንከሎ፡ መዐወቲት ሸቶ ዘመዝገበ ፍትሒ፡ ድሒሩ ብቀይሕ ካርድ ተባሪሩ እዩ። እዚ ውድድር፡ ሎሚ 06 ለካቲት ክቕጽል ምኳኑ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ኣረጋጊጹ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ካራባኦ ካፕ**

ሊቨርፑል - ቶተንሃም 11:00 ድ.ቀ

## “ኵዕሶ እግሪ ካብ ዝረኣዮም እቲ ምሉእ ተጻዋታይ ኣነ እየ” ሮናልዶ

“ሮናልዶ ንንእሽቶ ሃገርና ኣብ ዓለም ፍልጦቲ ክትክሰውን ገይሩዋ” ኣሮሶ

ትማሊ ረቡዕ መበል 40 ዓመቱ ዝመልአ ክሪስትያኖ ሮናልዶ ኣብ ታሪኽ ኵዕሶ እግሪ እቲ “ወላ ሓንቲ ዘይጎድሎ” ተጻዋታይ ምዃኑ ተዛሪቡ።

ሮናልዶ ኣብቲ ህቡብ ዓውዲ ስፖርት ዝኾነ ኵዕሶ እግሪ ካብ ዝበረኹ ዝበለጹ ተጻወትቲ ሓደ ምዃኑ ኣየማትእን። ኣብ ዝሓለፉ 15 ዓመታት ከኣ ምስ ቀንዲ መወዳድርቱ ሊዮኔል መሲ ሰሓቢ ስፖርታዊ ውድድር ክርኢ ምጽንሑ ይዝከር። በዚ ከኣ ዛጊት መዕለቢ ዘይተረኸቦ ዝኾነ ሰብ ከም ድሌቱ ዝምልሶ “ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጸ ተጻዋታይ ዓለም፡ ሮናልዶ ዶዩ ወላስ መሲ?” ዝብል ሕቶ ክሳብ ሕጂ የሎን ኣሎ።

ሮናልዶ ኣብዚ እዋን ከምቲ ኣብ ፈለማ 20ታትን መፋርቕ 30ታትን ዝነበሮ ምስ ኣዝዩ ብሉጽ ቁመናኡ ክህሉ ኣይንጽበዮን። ይኹን’ምበር፡ ክሳብዚ ትማሊ 40 ዓመት ዕድመ ዝመልኣሉ፡ ገና ከምዝሃዝሓለን ኣብ ብቕዓት ከምዘሎን የመስክር ኣሎ። ዛጊት ከኣ ዝሓለፈ ሰኑይ ብዘመዝገበን ክልተ ሸቶታት፡ ብጠቕላላ ሸቶታቱ ናብ 923 ክብ ኣቢሉ፡ ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

ዕድሜ ኣብ ስፖርት ወሳኒ ምዃኑ ይእመን። 40 ዓመት መሊኡ ምስ ምሉእ ቁመና ዝጻወት ዛጊት ኣይተራእየን እንተተባህለ’ውን ምጋነን ኣይኮነ፡ “ወዲ 40 ዘርባዕባዕ” እኳ ዝበሃል። ሮናልዶ ግና፡ ዛጊት ቁመናኡ ዓቂቡን ተወዳዳሪ ተጻዋታይ ኮይኑን ደርኪቡ።

እዚ ንውሕ ዓመታት ሒዝዎ ዝጐዓዘ ዘሎ ቁመና ድማ ሓደ ካብቲ ካብ ካልኦት ድንቂ ተጻወትቲ ከም ብዓል - ማራዶና፡ ሮናልዲንዮ፡ ሮናልዶን ዚዳንን ዝፈልዮ እዩ። ኩሎም ኣብ ፈለማ 30ታት ወርቃዊ ግዜኦም ወዲኦም እዮም። ቀንዲ መወዳድርቱ ግና፡ መሲ ምዃኑ ኣይዝንጋዕን። ዝመጽእ ወርሒ ሰኔ 38 ዓመት ዝመልእ መሲ፡ ወላ’ኳ ከምቲ ኣብ ግዜ ባርሳ ዝነበረ ቁመናኡ እንተዘይሃልዎ ገና ኢዱ ኣይሃበን።

ኣብ ሜዳን ካብ ሜዳ ወጻኢን ኣዝዩ ጽላዊ ዝኾነ ሮናልዶ፡ “ከም ዝመስለኒ ኵዕሶ እግሪ ካብ ዝረኣዮም ተጻወትቲ ኣነየ እቲ ዝያዳ ምሉእ ተጻዋታይ። ኣብ ኵዕሶ እግሪ ኩሉ ጽቡቕ ነገር ገይረዮ እየ። ብየማነ ብጸጋሚ ሸቶታት ኣይኮንኩን ዝዛረብ ዘለኹ። ብርእሰይ ብፍጹም ቅላዕ ብጺጋማይ እግሪ ሸቶታት ኣመዝጊበ። ቅልጡፍን ሓያልን ድማ እየ። በታ ድኻምቲ እትበሃል ጺጋመይቲ እግረይ (ብየማን ስለዝጻወት) እኳ፡ ምስትዮም ብጺጋማይ እግርም ዝጸወቱ ዝለዓሉ 10 ኣመዝጊቡቲ ሸቶ እስራሕ።” ክብል ብዘይቀልዓለም ንዑብሱ መጕሲሉ።

“ንመሲ፡ ፔለ ወይ ማራዶና እንተመረጽካ፡ እርድኣኒን ኣኽብሮን እየ። እንተኾነ ዝኾነ ካባይ ዝበልጽ ተጻዋታይ ኣይረኣኹን፡ ካብ ልበይ እየ ዝብሎ ዘለኹ።” ዝበለ እዚ ፖርቱጋላዊ፡ “ንውሕ ዓመታት ኣዝዩ ተወዳዳሪ ኮይነ እቕጽል ኣለኹ። እዚ ካብ ካልኦት ይፈልየኒ። ገለ ተጻወትቲ ቀዳሚ 10 ዓመታት ኵዕሶ እግሪ ምገደፎም። ኣነ ግና፡ ብብርቱዕ ስምዒት እቕጽል ኣለኹ፣ ዝተፈለኹ እየ። ግልጺ ኮይነ ክዛረብ ሕጂ ጥሮታ ምወጻኣኹ፡ ኣይመጠዓሰኝን’ውን። ግዳ ዘሕዝነን ምኾነ። ምኽንያቱ ክሳብ ሕጂ ፍሉይነት ክፈጥር ዝኽእል ዓቕሚ ኣለኒ። ንሓደ ወይ ክልተ ዓመታት ከኣ ክቕጽል እየ።” ኢሉ።

ሮናልዶ ወላ’ኳ 1000 ሸቶታት ምብጻሕ ዓቢ ዓወት ከምዝኾነውን እንተገለጸ እንተዘይብጺሑ’ውን ዛጊት ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ብምኻኑ፡ ዕጉብ እየ በሃሊ እዩ።

ሓሙሽተ ግዜ ሽልማት ባሎን ዲ’ኦር ዝዓተረ ሮናልዶ ኣብዚ ዓውዲ ዝሰርሖ ቅያ፡ ማእለያ የብሉን። ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ሸቶ ምስ ዘቑጽር ከኣ ኣብ ኣርባዕተ ዕቑድ ዕድሜኡ - ናይ 10ታት፡ 20ታት፡ 30ታት ከምኡ’ውን 40ታት ሸቶ ዘመዝገበ ክኸውን እዩ - ቀዳመይቲ ፕሮፈሽናል ሸቶኡ ወዲ 17 ዓመት እንከሎ ስለዘመዝገባ።

ክንዮኡ ግና፡ እቲ ዝዓበየ ነገር ኣብዚ ዓውዲ ኮነ ኣብ ካልእ ዘሰረጾ ዝበለጸ ሓሳብ ወይ ጽልዋ፡ እንተጸዓርካ ዘይብጻሕ ከምዘየለን ዕድሜ ቁጽሪ ምዃኑን ዘርኣየሉ ናይ ስራሕ ተወፋይነት እዩ።




ኣብ 2002 ፕሮፈሽናል ጸወታኡ ኣብ ስፖርቲን ሊዝበን ዝጀመረ ሮናልዶ፡ ነዛ ጋንታ፡ ኣብ 31 ግጥማት ሓሙሽተ ሸቶታት ኣመዝጊቡላ። ክልተ እብረ ንዘወከሎ ማን ዩናይትድ - ኣብ 346 ግጥማት 145 ሸቶታት፡ ንሪያል ማድሪድ - ኣብ 438 ግጥማት 450 ሸቶታት፡ ንጁቬንቱስ - ኣብ 134 ግጥማት 101 ሸቶታት፡ ንኣል-ነስር - ኣብ 95 ግጥማት 87 ሸቶታት፡ ንሃገሩ ፖርቱጋል - ኣብ 217 ግጥማት 135 ሸቶታት፡ ዛጊት ከኣ ብድምር ኣብ 1261 ጸወታታት 923 ሸቶታት ኣመዝጊቡ ኣሎ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ዝተፈላለዩ ሰባት ሰናይ ትምኒቶም ኣብ ዝገልጹሉ ዘለዉ እዋን፡ ቅድሚ ትሽዓተ ዓመታት “ሮናልዶ መጉዳእቲታት እንተዘየጋጠምዎ፡ ብቐሊሉ ክሳብ ወዲ 41 ዓመት ክጸወት ይኽእል እዩ” ኢሉ ዝነበረ ተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ፖርቱጋል ዝነበረ ጃኦ ኣሮሶ፡ “ሮናልዶ ንንእሽተይ ሃገርና ብዓለም ደረጃ ብዓቢ ነገር ክትፍለጥ ኣኽኢልዋ።” ክብል መጕሲሉ።

ብኻልእ ሸነኽ፡ ንሮናልዶን መሲን ክወዳደሮም ይኽእል እዩ ዝተባህለ ነይማር፡ ቅድሚ ዓሚ ኣብቲ ወርቃዊ ግዜኡ ካብ ኤውሮጳ ወጺኡ ናብ ስዑዲ ዓረብ፡ ሎሚ ዓመት ከኣ ናብታ ናይ ቀደም ጋንታኡ ሳንቶስ ድሕሪ 12 ዓመታት ምጽምባሩ ይዝከር። መበል 33 ዓመቱ ከኣ ትማሊ ዘኪሩ። እዚ ዕድሜ፡ ሮናልዶ ካብ ዓቢ ሊጋት ኤውሮጳ ከይወጸ ካብ ሪያል ማድሪድ ናብ ጁቬንቱስ ተሰጋጊሩ ክልተ ዋንጫ ሰሪ’ኣ ዝርከብዎም ሓሙሽተ ጸዋኣት ዝዓተረሉ እዩ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ ማድሃኒት ማይ ጃሕጃሕ | 06/02/2025 | ጎደና 173-18 ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕጃሕ ጥቓ ህዝባዊ ቤትንባብ | 127582 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services